# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.305 | ረቡዕ 21 ነሓሰ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ሓድሽ ጅርሂ ቫይረስ 'ብዱዶ ህበይ' ኣብ ኣፍሪቃ. . .


ገጽ 3


ገጽ 5
ነጥበ መቕይሮ


ገጽ 6
ንድሪ ሕጽይቲ ሕዛእቲ ባሕሪ 'ደሴት ዴሴ'



ገጽ 11
ናትናኤል፡ ናብ ሞቪስታር ክጽንበር ተቓሪቡ


## ማእከል - ወለዲ ኣብ ምምእዛን መንእሰያት ተራኦም ከዕዝዙ ኣዛዚት 4ይ መደበር ኣተሓሳሲባ


ስእሊ. - የውሃንስ ሙብራህቱ


ተሳተፍቲ፡ ንገበኛታት ዝውሃብ ፍርዲ ይፈክሱ ብምህላው ከኸለስ ከምኡ'ውን ፖሊስ ንሓገዝ ኣብ ዝጽወዓሉ እዋን - ቅልጡፍ መልሲ ክሀብ ሓቲቶም።

4ይ መደበር ፖሊስ ዞባ ማእከል፡ ንንኡሳን ዞባታት ዕዳጋ-ሓሙስ፡ ማይ-ተመናይ፡ ፓራዲዞን ክፋል ንኡስ ዞባ ጸጸራትን ኣገልግሎት ይህብ።

ወለዲ ኣብ ምምእዛን መንእሰያት ደቆም ዕዙዝ ተራ ክጻወቱ፡ ኣዛዚት 4ይ መደበር ፖሊስ ዞባ ማእከል ካፕተይን ሰምበላዊት ረዳ፡ ብ19 ነሓሰ ምስ ነበርቲ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ-ሓሙስ ኣብ ዝገበረቶ ርክብ ኣተሓሳሲባ።

ዕማማት ፖሊስ፡ ገበን ከይፍጸም ምክልኻል፣ ምስ ዝፍጸም ድማ ኣጻሪኻ ናብ ኣኽባር ሕጊ ምቕራብ ከምዝጠቓልል ብምሕባር - ገበናትን በደላትን ብምክልኻል፡ ሰላምን ጸጥታን ንምውሓስ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ንቑሕ ተሳትፎ ነበርቲ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣገንዚባ።

ኣብ ዝሓለፈ 6 ኣዋርሕ፡ ኣብ'ቲ መደበር 87 ገበናትን 114 በደላትን ከምእተመዝገበ ዝሓበረት ካፕተይን ሰምበላዊት፡ ምትሕብባር ህዝብን ፖሊስን ጸቢቑ ከምዘሎ - ዝያዳ ንምሕያሉ ግዳ ክሰርሕ ከምዝድሊ ኣረዲኣ።

ኣገዳሲነት ናይ'ቲ ርክብ ዝጠቐሰት ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ዕዳጋ-ሓሙስ ወ/ሮ ሳሊሓ መሓመድዓሊ፡ እውን፡ ህዝቢ ምትሕብባሩ ምስ ፖሊስ ብምዕዛዙ፡ ገበናታት ኣብ ምቕላዕ ብዕቱብ ክዋሳእ ተላብያ።

## ዓዲ-ኳላ - ንስድራ-ስዉኣት ዝተፈላለየ ሓገዝ ተገይሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ንስድራ ስውኣት ናይ ማሕረስ፡ ጽህያይን ገንዘብን ሓገዝ ተገይሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ 22 ምምሕዳራት ከባቢ ናይ 540 ስድራ-ስውኣት 1,538 ገራህ ብወፈራ ክሕረስ እንከሎ፡ ን371 ስድራ-ስውኣት ናይ ጽህያይ ደገፍ ከምእተገብረ፡ ልዕሊ 97 ሽሕ ናቕፋ ከምእተመቓርሐ - ጸሓፊት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ኑብያት ባህልቢ ሓቢራ።

እቲ ሓገዝ ኣብ ማሕረስን ጽህያይን ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ክሳብ ወቕቲ ምሕፋስ ምህርቲ ከምዝቕጽል እውን ኣረዲኣ።

ሓገዝ ዝተዀበረሎም ስድራ-ስውኣት፡ ብመንግስትን ህዝብን ንዝዋበረሎም ቀጻሊ ደገፍ ብምምስጋን፡ መሬቶም ኣብ እዋኑ ሳላ ዝተሓርሰ፡ ምስ ዘሎ ጥሉል ክራማት ኣብ እትዋት ትሰፋዋት ምዃኖም ገሊጾም።

ኣመሓዳሪ ሓውሲ ከተማ እንዳገርግስ እቶ ኣርኣያ የዕበዮን ኣኪያዲ ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ዓኼሎ ኣቶ ዘርኣይ ነጋሽን ድማ፡ እቲ ሓገዝ - መርኣያ ሕብረተሰባዊ ክብሪታት ከምዝኾነ ገሊጾም።

## ድባርዋ - ንሓረስቶት ምሩጽ ዘርኢ ዓተርን ሰበረን ተዓዲሉ

ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን፡ ኣብ 16 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ልዕሊ 340 ኩንታል ምሩጽ ዘርኢ ዓተር፡ 134 ኩንታል ምሩጽ ዘርኢ ሰበረን ዓዲሉ።

ኣብ'ቲ ስራሕ ዝሳተፉ ዘለዉ ኣባላት ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ኣቶ መሰረት ሃብተን ኣቶ መድሃኔ ጉብረማስቀልን ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ዕላማ - ብቐዓቱ ዝሓለወ ዘርኢ ተጠቒሞም ርቡሕ እቶት ንኽረኽቡ ምዃኑ ኣረዲኦም።

እቶም ሓረስቶት ብወገኖም፡ ምስ ዘሎ ትሰፋው ክራማት እቲ ምሩጽ ዘርኢ ኣብ ወቕቱ ከምዝረኸብዎ ብምሕባር፡ እቶቶም ንምስሳን ዝኣሎም ከምዝሰርሑ ገሊጾም።

ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ኣቐዲሙ እውን፡ ንሓረስቶት ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣብ እዋን ማሕረስ ብስሩዊ ክፍሊት ናይ ትራክተራት ኣገልግሎት ሂቡ ነይሩ።


ስእሊ. - ፊልሞን መሓሪ

## ተጋዳሊት ሶፍያ እድሪስ ተሰዊኣ

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል ተኣላዩት ሰራሕተኛ - ጉዳም ተጋዳሊት ሶፍያ እድሪስ መሓመድ-ዑመር፡ ኣብ መበል 61 ዓመት ዕድመኣ ብሕማም ተሰዊኣ።



ኣብ 1975 ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈት ተጋዳሊት ሶፍያ፡ ክሳብ ምሉእ ናጽነት ንህዝባን ሃገራን ብልዑል ተወፋይነት ዝተቓለሰት ሓርበኛ እያ።

ስነ-ስርዓት ቀብራ ድማ፡ ትማሊ 20 ነሓሰ ሰዓት 4:00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ብመስዋእቲ ጉዳም ተጋዳሊት ሶፍያ እድሪስ ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤታን መቓልስታን ጽንዓት ተመንዩ።

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ሓድሽ ጅር ቫይረስ 'በዲዶ ህበይ' ኣብ ኣፍሪቃ

ውልዕ ጥፍኢ (ክሃሰድን ክቕህምን) ክብል ዝጽንሐ በዲዶ ህበይ (mpox)፡ ኣብዚ ቀንያት እዚ - ብሓድሽ ጅር ቫይረስ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ይላባዕ ከም ዘሎ ይሕበር ኣሎ። በዲዶ፡ ካብ ገጽ ዓለም ጠፊኡ ካብ ዝበሃል ሓያሎ ዓመታት እኳ እንተኣሕለፈ፡ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ክመሓላለፉ ዝኽእሉ ተመሳሰልቲ ቫይረሳዊ ሕማማት፡ ሓሓሊፎም ክረኣዩ ጸኒሖም እዮም። በዲዶ ህበይ እውን - መበገሲኡ ካብ እንስሳ ከም ዝኾነ እኳ እንተ ተሓበረ፡ ኣብ ሰብ ምስ በጽሐ ግና፡ ብምትንኻፍ ብፍላይ ብጾታዊ ርክብ ካብ ሰቡናብ ሰብ ብቐሊሉ ከም ዝሰጋገር ጸብጻባት ሕክምና የረድኡ።

ዛጊት ካብ እተራእዩ ዓይነታት በዲዶ ህበይ፡ እቲ ዝበርተዐ ሓደገኛ ዝበሃል ዘሎ ሓድሽ ጅር በዲዶ ህበይ፡ ኣብ ምብራቓዊ ኮንጎን ኣብ ሓያሎ ሃገራት ማእከላይ ኣፍሪቃን ይላባዕ ከምዘሎ ተፈሊጡ። እዚ ሕማም ካብ ዝተራእየለን ሃገራት - ብሩንዲ፡ ኬንያ፡ ርዋንዳን ኡጋንዳን ይርከባኦን።


ዕንፍሩር ኣብ ቆርበት ቀዳሚ ምውጻኡ፡ ከም መብዛሕትኦም ቫይረሳዊ ሕማማት፡ ረስኒ፡ ቃንዛ ርእሲን ኣካላትን ከርኢ ይኽእል። ፈሳሲ ዝመልኦ ኣቓንዛዊ ዕንፍሩር ከኣ፡ ኣብ መላእ ወይ ኣብ ጠበይቲ ክፋሊ ኣካላት ይወጽእ። ብዘይካ ጾታዊ ርክብ፡ ብምትንኻፍ፡ ሕሙም ዝጥቀመሉ ክዳውንቲ ከም ሽጎማኖ (ፎጣ) ዝኣመሰሉ ብሕልፊ ኣብ ሆቴላት ንተገልገልቲ ዝዳለዉ ኣጭርቅቲ ብሓባር ብምጥቃም፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክመሓላለፍ ይኽእል። ኩሎም ሕሙማት፡ ሓደ ዓይነት ምልክት ዕንፍሩር ኣየርእዩን እዮም። ገሊኦም ስሕው ዝበሉ፡ ገሊኦም ድማ ኣዝዩ ውሑድ ዕንፍሩር ቆርበት ስለ ዘርእዩ፡ ከይተፈልጡ ክንቀሳቐሱ ይኽእሉ።

ኣብ'ተን በዚ ረኽሲ ዝጸገማ ዘለዋ ሃገራት ብዝተኻበረ መጽናዕቲ፡ በዚ ሕማም ዝተለኽፈ ሰብ ኣብ ሆስፒታል ብዝዋበረሉ ክንክን ብቐልጡፍ ናይ ምሕዋይ ዕድላት ከምዘለዎ ጸብጻባት የረድኡ። ወይ እውን ብሓኪም ዝተሓበረ ኣብ ገዛ ዝዋበር ክንክን እውን ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሕክምና ካብ ዘርከቦ ኣብ ዝረሓቐ ስፍራ ዝተለኽፈ ሰብ ድማ፡ ዝኣክል ፈሳሲ ምስታይ፡ ረስኒ ዝወርደሉ ኣገባባት ምጥቃም፡ ምሉእ ዕረፍቲ ምውሳድ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ጸብጻባት ሕክምና የረድኡ።

ቀድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ዓለም 97,745 ሰባት ለኺፉ፡ ኣስታት 203 ዝቐተለ ድኹም ዝበለ ጅር 'ክሌድ 2' ዝተባህለ ቫይረስ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብዚ እዋን ዝላባዕ ዘሎ ግና፡ 'ክሌድ 1' ዝተባህለ ኣዝዩ ሓያል ተላባዒ ምዃኑ ተሓቢሩ ኣሎ። ብቫይረስ ዝላገቡ ሕማማት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ኣብ ዘሰጋግሩሉ ግዜ፡ እናሓየሉን ናብ ካልእ ጅር ዓይነት ቫይረስ እናማዕበሉን ስለዝኸዱ፡ ብኡ መጠን ከኣ ስግኣታ ይፈጥሩ።

በዲዶ ህበይ፡ 'ንመጀመርታ ግዜ' ኣብ 50ታት ኣብ ቤተ-ምርምር ደንማርክ ካብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝተወስዳ ኣህባይ ከም እተራእየ እዩ ዝንገር። ኣብ ካልኣት ናእሽቱ መጥባውቲ እውን ክርከብ ከምዝኽእል ሸዑ ተፈሊጡ ነይሩ። ኣብ ሰብ ንመጀመርታ ግዜ ዝተራእየሉ ግዜ ግና፡ ኣብ 1970 ኣብ ኮንጎ ምንባሩ ጸብጻባት የረድኡ። በዲዶ ህበይ፡ ምስቲ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝነበረ ካብ ዓለም ብኸታብት ጠፊኡ ዝተባህለ 'በዲዶ'ን ምስ ካልኦት ተመሳሰልቲ ዓይነታትን ዝተቐራረበ ክኸውን እንከሎ፡ ካብ ፍርማይ ግና ዝተፈልየ ምዃኑ ጸብጻባት የረድኡ።

እዚ ሕማም እዚ ክመሓላለፈሉ ዝኽእል መንገድታት እንድሕር ተፈሊጡ፡ ንምክልኻሉ እውን ኣጸጋሚ ኣይኮነን። ቀንዲ መሰጋገሪኡ ምንዛርናን ምትንኻፍን እንተደኣ ኩይኑ፡ ኣዋጅ ዕጽዋን እቶ-እቶን ከም ዘድሊ ጸብጻባት ሃገራት ኤውሮጳ የገንዝቡ። ዓለማዊ ውድብ



ጥዕና ግን፡ ህጹጽ ናይ ጥንቃቐ ኣዋጅ ኣቃሊሑ ኣሎ። ንህዝቢ ሓበሬታ ምንጋርን ኣፍልጦ ምዝርጋሕን ጽቡቕ ናይ ምክልኻል መንገዲ ከም ዝኾነ ዝሕብሩ ካልኦት ወገናት ድማ፡ በዲዶ ህበይ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝነበረ ስለዝኾነ፡ ዓለማዊ ሰንበደ ክፈጥር ከም ዘይብሉ የረድኡ። ጽርየት ኣእዳው ምሕላው፡ ምትንኻፍ ምውጋድ፡ ዝተጸልአ ሰብ ብቐልጡፍ ናብ ሕክምና ብምኻድ፡ እንተተረኺቡ እውን ክታበት ብምውሳድ - ኣብ ቁጽጽር ክኣቱ ይኽእል እዩ በሃልቲ እዮም።

ተመሓላለፍቲ ብፍላይ ብቐልጡፍ ዝላበዉ ሕማማት ክሃስዱ እንከለዉ፡ ህዝብታት ዓለም - ካብ ተሞክሮ ብዝጥረየዎ ያታዊ ልምዲታት ምክልኻል እናገበሩ ክሰግሩ ምጽንሖም ይፍለጥ። ተላባዒ ሕማም ዝኣተዋ ስድራቤት፡ ሰብ ካብ ግዳም ከይኣቱን ካብ'ታ ገዛ ንግዳም ከይወጽእን ብምኽርዳን ዝዋበር ሜላ፡ መዋቲ ኣብ ምቕባር ዝዋበር ናይ ጥንቃቐ ሜላታት፡ ብጽሒ ከይጸየድን ዳስ ሓዚን ከይትከልን ዝኣመሰሉ ልምድታት

ንግዜኡ ደው ብምባል ክተየዱ ዝጸንሑ ናይ ምክልኻል ልምድታት ሓደሽ ኣይኮኑን።

ኣብ መወዳእታ ወርሒ ናይ 2019፡ ኣብ ዓለም ዝተራእየ ሰዓል ኮቪድ-19 ዘስዓቦ ሰንበደን ማሕበራዊ ቅልውላዋት ቁጠባን መኑበርን፡ ክሳብ ሕጂን ንመጺኢን ዝጸንሕ ሕላገት ጉዲፉ ኣሎ። ሸዑ ብኢንዱስትሪ ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ዝተኣወጀ ሰዓታት እቶ-እቶን ዕጽዋን ዘስዓቦ ቁጠባዊ ማሂዛትን ፋይናንሳዊ ጸገማትን፡ ብኻልእ ሓድሽ ለበዳ ከይድገም ኣብዚ እዋን እዚ ከቢድ ስክፍታ ኣውሪዱ ኣሎ።

በዲዶ ህበይ ኣብ ሃገራት ማእከላይን ምዕራብን ኣፍሪቃ ሓድሽ ተርእዮ ኣይኮነን። ግና ኣብዚ ግዜ እዚ ዝላባዕ ዘሎ 'ክሌድ 1' ዝዓይነቱ ጅር፡ ብዝነደበት ናብ ሓደገኛ ዓይነት ኮመይ ማዕበሉ እናበሉ ዝሓትቱ ምንጭታት ምዕራብ ኣለው።

በዚ ሓድሽ ጅር ቫይረስ ናይ መጀመርታ ሕሙም ኤውሮጳዊ - ኣብ ሽወደን ኣብዚ ቀንያት እዚ ስለ ዝተራእየ፡ ኣብ ኤውሮጳ ክልሕም ድማ፡ ግዜ ከም ዘይወስደሉ ምንጭታት የገንዝቡ።



## ህጹጽ ስግኣት ጥዕና ዝተኣወጀሉ ዓይነት በዲዶ

ኣብ መበል 14 ክፍለዘመን ኣብ ኤውሮጳ ዝተራእየ ረስናዊ ሕማም፡ ኣብ ህዝብታት እታ ኣህጉር ዘውረዶ ህልቂትን ንምክልኻሉ ዝተጉበረ ፈተነታትን ተመዝጊቡ ስለዝጸንሐ፡ ድሕሪኡ ንዝተላዕሉ ተላባዕቲ ሕማማት ኣብ ምምካት - እኹል ተሞክሮ እዩ ሂቡ። ኣብ ሓጺር ግዜ

ናብ ብዙሕ ህዝቢ ወይ ቦታ ክዝርጋሕ ዝኽእል ሕማም ምስ ዝሓድር፡ ህጹጽ ናይ ጥዕና ጥንቃቐ ክእወጅ ይኽእል።

ናይ ተላባዕነት መጠኑ፡ ኣተሓላልፍኡ፡ ናይ ምቕታል ተኽእሎታቱ - ከም መለክዒ ተወሲዱ ምንቅስቓስ ህዝብን ንግድን ዝዕርግ እንድሕር ኩይኑ ድማ - ለበዲ ክበሃል ይኽእል። በዲዶ ህበይ ለበዲ (epidemic) ደዩ ኣይኮነን? ምትንኻፍ ኣወጊድና ክንከላኸሎ ንኽእል እንድሕር ኩይና፡ ተሞክሮ ካልኦት ሃገራት ክንወስድ ንኽእል ኢና።

ክሳዕ መወዳእታ 70ታት ኣብ ሃገራት ዓለም ዝጸንሐ በዲዶ፡ ንሓያሎ መዋእል ኣብ ዓለም ብተደጋጋሚ ካብ እተራእዩ ሕማማት ሓደ እዩ ነይሩ። ካብ ጥንታዊ ኣሽሬፍት ካብ እተረኽበ መረዳእታ፡ ቅድሚ 3000 ዓመታት ሰብ ይለክፍን ይቐትልን ምንባሩ ክኢላታት ይሕብሩ። ምስ ብዙሒ ምንቅስቓስ ንግድን ፍልሰት ህዝብታትን ድማ፡ ኣብ ከላ'ዛ ምድሪ ከም እተዘርገሐ ጸብጻባት የረድኡ። በዲዶ ካብ ዝለኸፎም ሰባት እቶም ሰሶ ክሞቱ እንከለዉ፡ ኣብ'ቶም ዝተረፉ ኸኣ - ዓሚቕ ከብንዲ መሻላ ዝኸውን በሰላ ኣብ ገጾን ካልእ ኣካላትን ይገድፍ።

ቀዳሚ ክታበት ምምዕባሉ፡ ህዝብታት ምስ ክታበት ዝመሳሰል ልምድታት የካይዱ ነይሮም እዮም። ብበዲዶ ናይ ዝሓመመ ሰብ ዕንፍሩር ብጸፍሪ ፋሕቲሮም ናብ ጥዑይ ቆርበት ይሓኽዎ። እቲ ሰብ በቲ ሕማም ይልከፍ። ግና ቀልጢፉ ይሓዊ ወይ ብፈኸሱ ምልክት ይሰጋገር። ውሑዳት ግና ይሞቱ ነይሮም - ብመሰረት ምንጭታት።

ካብ'ዚ ኣብ ህዝቢ ተዓቒሩ ዝጸንሐ ልምዲ፡ ኣብ 1796 ኤድዋርድ ጀነር ዝተባህለ እንግሊዛዊ - ነዚ ናይ ሎሚ ክታበት መሰረት ዝኾነ መጽናዕቲ ኣካይዱ። ምስ በዲዶ ዝመሳሰል ኣብ ከብቲ ዝወጽእ 'በዲዶ ላም' ዝበሃል ሕማም እውን ስለዘሎ፡ ካብ ዝሓመመት ሓላቢት ጸባ ቁስሊ ሓኺኹ ወሲዱ፡ ናብ ወዲ ሸሞንተ ዓመት ቁልዓ ቆርበት ከኣ ፋሕፍሒዎ። ንሓያሎ ኣዋርሕ እውን



ተመሳሰልቲ ፈተነታት ኣካይዱ። እቲ ጀምስ ፊሊፕስ ዝበሃል ቁልዓ ግና፡ ዝኾነ ናይ ሕማም ምልክት ኣየርኣየን። በዲዶ ብኽታበት ክጠፍእ ከም ዝኽእል ድማ - እቲ ሓኪም ናብ ዓለም ኣብ ዝዘርግሖ ጽሑፍ ኣረዲኡ።

ብደረጃ ዓለም ወፈራ ክታበት ንምጥፋእ ዝተጀመረ መደብ ኣብ 1959 እኳ እንተጀመረ፡ ብዙሕ ዕንቅፋት እናኣጋጠሞ ንሓያሎ ዓመታት ጸኒሑ። ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 1977 ኣብ ሶማልያ ኣብ ሓደ ሰብ ተራእዩ ንሓዋሩ ከምዝቐሃመ ዝነገረሉ በዲዶ (smallpox)፡ ብደረጃ ዓለም ብጹዕጹዕ ብዝተኻየደ ክታበት ከም ዝጠፍአ ይፍለጥ። እቲ ናይ ሽዑ ክታበት ኣዚ ሕጂ ዝረአ ዘሎ በዲዶ ህበይ እውን ክከላኸሎ ከም ዝኽእል ጸብጻባት ይሕብሩ።

ብፍላይ ንበዲዶ ህበይ ዝመጣጠን ክታበት ክሰርሓሉ እንተደኣ ኣድልዩ እውን፡ እቲ ቴክኖሎጂ ካብ ናይ ቀደም ተሞኩሮ ክጥቀም ይኽእል። ዓበይቲ ኣፍረይቲ መድሃኒታት፡ ከም'ቲ ወትሩ ዝረአ ከቢድ ቅድድም ምስናዕ ክታበት ጀሚረን ከም ዘለዋ እኮ ሓበሬታታት የረድኡ እዮም። ዓለምለኻውያን ትካላት ጥዕና፡ ግና ዘይተጋህደ ብሮዚያዊ ስም x/ኤክስ ዝጸዋዕ ንዓለም ዝዋጾም ተላባዒ ሕማም ከይተጋህደ እንከሎ ምድላዋት ክገበሩ ጻውዒት ክቕርቡ ጸኒሖም እዮም።

እዚ ሕማም እዚ ምስ ፍንጣጣ (syphilis) ከደናግር የብሉን - ፍንጣጣን በዲዶን (smallpox) ጠበይቲ ሕማማት እዮም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳጶ. 1284

# ፈስቲቫል ኤርትራ 2024
## ዝኸሪ 50 ዓመት በሎኛ












ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ ሳልሕ ዓብደልቓድር
ክብሮም ጻሃየ
ኣብርሃም በየነ



# ዳዮሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ጽምብል ዕድለኛ ዝኾነ ሰብ

*11 ሚያዝያ 2012*

*11:15 ቅ.ቐ.*

ኣስመራ - ስታድዩም

ፍርቂ ሰዓት ደንጒየ ብምንባረይ፡ ተብተብ እናበልኩ ንስራሕ እኸይድ ነይረ። ሎሚ እታ ወትሩ ስርሐይ እናሸፈነት ትሕግዘኒ መሳርሕተይ ዶንጒያ ክትመጽእ ስለ እትኽእል፡ ቀልጢፈ ክኣቱ'ዩ ነይሩ ሓሳበይ። ነፊዐ ተባሂለ ቀዲመያ ዝኣተኹላ መዓልቲ የላን። ትዕግስታን ዓቕላን ፈጽሙ ዓቕላ ኣይጽብበላን እዩ። ኣነ'ውን ብዙሕ ግዜ ዕጉስ'የ፣ መስለኒ። ግን ዕጉስ ምዃነይ፡ ወይ እቲ ዕጉስ ዝመስለኒ፡ ዓቕለይ ዘጽብበለይ ግዜ ኣሎ። ሓደ ዓይነት ባህሪ ሒዘ ክሳብ መዓስ ከም ዝኸይድ ኣይፈልጥን። ሳሕቲ ጽቡቕ መዓልቲ ኰይኑለይ ክስሕቕ፡ ክላገጽ፡ ክደጓዶግ፡ ክዋዘን ዓበይቲ ቀምነገራት ክዛረብን ዝውዕለሉ ግዜ ኣሎ። ነዚኣን መዓልታት ኣብ ዓመት ሓንሳእ ከም ንግደት'የ ዝረኽበን። ኵሉ ሳዕ ከምኡ ዘይከውን እብል። ግና ንሱ'ውን ሓደ መዓልቲ ዓቕለይ ከጽብበለይ እዩ።

እዛ መሳራሕተይ ሓድሽ ነገር ክትፈልጥ ኣይትደልን እያ። ምናልባት እቲ ሰቕ ምባላ ንዓኣ ውሽጣ ይበልዓ ይህሉ ይኸውን። ኣነን ካልኦት መሳርሕተይን ግን ኣዝያ ዕግስቲ ጓል እዝግሄር ኰይናና'ያ ትስመዓና። ንዓይ'ውን ገለኦም ከም ቀምነገረኛ ገይሮም ዝወስዱኒ ኣለው። ክላገጽን ፎኹስኮስን ክብል ምስ ረኣዩኒ ይገርሞም። እንተ ክኢለዮ ከም ኵሉ ክኸውን'የ ዝደሊ።

ሎሚ ንግሆ ምስ ተንሳእኩ ንምስጋና'ኳ ግዜ ኣይሃብኩን፡ ብድድ ኢለ። ዝበዝሐ እዋን ምስ ተበራበርኩ ቀልጢፈ ካብ ዓራት ኣይወርድን'የ። ከም ሎሚ ቀልጢፈ ዓራተይ ዝተኣለኹላ ንግሆ የላን። ክሳብ ኣብ ጥቓ ስራሕና ዝበጽሕ ከም ቀደም ብዙሕ ኣይሓሰብኩን። ስራሕ ኣትየ እንታይ ከም ዝገብር ወዲኣዮ'የ ሓዲረ። በቲ ኣብ ትርኢተይ ዝኣተወ ነገራት እናተዘናጋዕኩ ኣብኡ በጺሐ። ናብ ስራሕና እተእቱ ናይ መወዳእታ ኣንጎሎ ጥውይ ምስ በልኩ፡ ንመጽለሊ ዋርድያና'የ ዝርኢ። ክሳብ ኣብ ኣፍደገ ዝበጽሕ ከኣ መነጸጸሪ ትርኢተይ ንሳ ትኸውን። ሎሚ ሃንደበት ንጸጋም ጠሚተ። እዛ መሳርሕተይ ኣብ ናይ ማሸራቤዲ ምስ ኣቦኣ ኣሳፊሓ ኮፍ ኢላ ጸንሓትኒ። ስጒምተይ ሃዲኡ፣ መዓስ ደው ኢለ'ውን ኣየስተውዓልኩዎን። ኣቦኣ ንኹሎም ደቁ ኣመና'ዩ ዘፍቅሮም።



ምኳን ኵሉ ወላዲ ንደቁ ኣፍቅር እንድዩ። ኣቦይ'ውን ከምኡ'ዩ ነይሩ። ግዳ ወለዲ ፍቕሮም ዝገልጽሉ መገዲ ብዙሕ'ዩ። ኣቦ መሳርሕተይ፡ ኣገባቡ መሳጢ'ዩ። ዝኾነ ውላድ ብዝብህን ኣገባብ'ዩ ፍቕሩ ዘርኢ። ከይፈተኹ ኣቦይ ዘኪረዮ።

ኣብ ዓራት ጥንቅሊዒት ደቂሱ ኣብ ክልተ ኣእጋሩ ኮፍ ኣቢሉ ሰለል እናኣበለ ከጻውተኒ እንከሎ፣ ብኽልተ ኣእዳወይ ንሰማይ ገጸይ ሰፍሲፉ ኣንቃዕሪሩ፡ ብልዕለይ ጸሓይ ብትሕተይ ፍሽኽታኡ እናኣሞቐኒ ክጻወት፣ ናብ ኦፊሱ ከይደ ዝሰትየላ ዝነበርኩ ኩባያ፣ ... ኵሉ ናይ ቍልዕነተይ ዝኽሪ ከይተረፈ'የ ዝዝክሮ። ፍቕሪ ደቁ ዘይወጽኣሉ ኣቦ'ዩ ነይሩ። ቀዲምናዮ ተደሪርና እንተ ደቂስና፡ በይኑ ክበልዕ ኣይክእልን። ንኹላትና ኣተንሲኡ ካልኣይ የድርረና። ከም ኣዕሩኽቱን መሳታኡን ብስሙ'ምበር ባባ፡ ኣቦ ወይ ኣያይ እናበልና ክንጽውዖ ኣይፈቱን። ንሕና ክንዲ ኣሕዋቱ፡ ንሱ ኸኣ ክንዲ ኣቦናን ሓው-ኣቦናን ነይሩ። ኣነ ምናልባት ቅኑዕ፡ ለጋስ፡ ፈታዊ ሓጉስ፡ ፈታዊ ድኻ፡ ፈታው ጎሮቤቱን ሰድራኡን እንተ ኾይነ፡ ካብኡ ዝወረስኩዎ'ዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣብ ግዜ ትምህርትና ናብ ቤት ትምህርቲ እናመጽአ ይረኽበናን ኩነታትናን ይከታተል ነይሩ። ሎሚ ኸኣ ኣብ ስርሐይ መጺኡ ክርእየኒ'ሞ እታ ኣብ ኦፊሱ እናኸድኩ ዝጋበዛ ዝነበርኩ ሻሂ፡ ዓጸፋ ገይራ ክመልሳ ብሂገ። እቶም ብፍቕሪ ኰስኵሱ ዘዕበዮም ደቁ ኣበይ በጺሖም ከም ዘለው ክርኢ ተመንየሉ። እዋይ! ከምዚ ክሓስብ እንከለኹ ከርሰይ ኣይክእልን ሓፍ-ሓፍ ይብለኒ። ሎሚ ሎሚ እንክሓስቦ፡ ዓሚ ዝሓለፈ መመረቕታይ ከምቲ ካልእ ሰብ ከይተገደስክሉ ሓሊፉ። ኣብ መዓልቲ መመረቕታና ናብ ኮለጅና ክኸይድ'ኳ መደብ ኣይነበረንን። ክሳዕ ክንዲኡ፣ ነቲ ንዓመታት ዝጻዓርክሉ ደረጃ ምብጽሐይ ክጽምብሎ ይግባእ ነይሩ'ዩ። ግን ትርጉሙ ከም ዝጒድል ዝገበሮ ምኽንያታት ነይሩ'ዩ። ሓደ፡ ናይ ኮለጅ ትምህርትኻ ምስ ወዳእካ፡ ዓቕምኻ ኪንዮኡ ምዃኑ፣ እቲ መወዳእታ ዝመስለካ ምዝዛም ናይ ኮለጅ ትምህርቲ መጀመርታ ናይቲ ዝዓበየ ዕማም ምዃኑ ምስ ተረዳእካ፣ ድሕሪ ኮለጅ፡ ኣብ ቅድሚ ናይዚ ኣድማስ ፍልጠት፡ ፍረ ጣፍ ምዃንካ ምስ ተሰወጠካ፣ ኣብ መመረቕታኻ ዓለም ዜርካ ከም ዝወዳእካያ ገይርካ ክትጽምብሎ ኣይረኣየካን'ዩ። እዚታት ጥራይ ኣይኰነን፣ 'ሓደ መዓልቲ ምስ ተመልሰ፡ ዝሐጉሶ ደረጃ በጺሐ ክርእየኒ ኣለዎ፡' ዝብል ዘይተረድኣኒ ድርኺት'ውን ኣብ ውሽጠይ ኣዕብየ ጸኒሐ'የ።

ምቁር፡ ሕንቁቕን ፈቃርን ዝኽሩ ኵሉ ሳዕ ኣብ ዙርያይ እዩ። ዘሎ'ምበር ዝተፈልየ ኣይመስለንን። ከምኡ ግዲ ኾይኑ፡ ዝበዝሐ ግዜ ዘሎ'ዩ ዝመስለኒ። ገና ኢደይ ኣይሃብኩን። ሰብ ካብ ተመኵሮኡ እንድዩ ዝመክር፣ ሓቁ እንታይ ደኣ፡ እቲ ንሱ ዝፈልጦ ሓቂ ተመኲሮኡ'ዩ። ተመኵሮይ ከኣ ጽላል ወለዲ፡ ህላወ ወለዲ፡ መመዛዘኒ የብሉን። ነፍሲወከፍ መዓልቲ፡ ምስ ወለዱ ሓንቲ ተወሳኺት መዓልቲ ምሕላፉ ዝጽምብል ሰብ ዕድለኛ'ዩ። ክጽምበል ዝግብኦ መዓልታት'ዩ። ከምዚ ናይዛ መሳርሕተይ ወላዲ እንተ ኾይኑ'ሞ ብምንታይ ክትመልሰሉ ትኽእል ኣይርድኣንን። ወላዲ ደኣ ማልስ ኣይጽበን'ዩ'ምበር። እዛ መሳርሕተይ ናይ ኣቦይ ከዕልላ ሓሲበ። ከዕልላ እንከለኹ ግን እቲ ኣብ ኢዳ ዘሎ ሃብቲ ይረኣያ እንተ ኾይኑ ክፈልጥ ኢለ'የ። ግን ንሳ'ውን ተገምጢላ በቲ ዕላለይ ንዓይ'ያ ክትርእየኒ ክትሓስብ።

ብዛዕባ ኣቦይን ናፍቖቱን ክሓስብ ከይተፈለጠኒ ቀው ኢለ'የ ዝርእዮም ነይረ። ዓይነይ እዩ ኣብኦም ነይሩ'ምበር ቀልበይሲ ተሸሪቡ'ዩ። ኢዳ ኣወዛዊዛ ሰላም ዝበለትኒ መሲሉኒ ሰንቢደ። ግና ኣብ ጸጒሪ ኣቦኣ ገፊል ግዲ ነይሩ ትነግፈሉ'ያ ነይራ። ስምዒተይ ክጻወሮ ኣይከኣልኩን። ወዲቐ ኣተንሲኡ ሓመደይ ዝነገፈለይ፣ ለዝየን ነፊጠን ዝጸረገለይ፣ ይኹፋእ ይጸብቐ፡ ይንፋዕ ይሕመቕ ብዘየገድስ ዝሓለወንን ዘፍቀረንን፣ ኣምሳያ መወዳእታ ዘይብሉ ግብሩ፡ ግደይ ዘይገብርኩሉ ኣሕሲቡኒ። ዝጀምርኩዎ ሓሳብ ክምለኦ እናደለኹ ናብ ስራሕ ኣትየ።

ያሬድ ብርሃነ

## ሓወይ ሓወይ ግደፍዮ



*12 ለካቲት 2020*

- ኣስመራ -

ፍሩያት ኣዒንትኺ ኪንዮይ ሓሊፈን ዝጥምተኦ ኣለወን ድዩ? እፈርሕ ኣለኹ። ምልኣት ኣዒንትኺ፡ ተኺልካ ዘየጠምት ሓይሊ ኣለዎ። ከመይ ኢለ'የ ቀኒዐ ክጥምተኪ። እቲ ናብ ካእል ትጥምትሉ ግዜ ሰቕ ኢለ እርእየን። ፍትው ከኣ ኣብለን። ፍትወተይ ብቓላት ዝግለጽ እንተ ዝኸውን ንዓይ ምሓሸኒ። ኵሉ ምግለጽኩልኪ'ሞ መዕረፍኩ። ንዓኺ ምፍታው ግን ዕረፍቲ ዝርክቦ ኣይመስለንን። ኣንቲ ጸሓይ ወጋሕታ ንዒ'ባ ሓግዝኒ! ንጸለል ብፍቕሪ!

ዕላልና ጸወታናን ዋዛ እናመሰለ የሳቕየኒ ኣሎ። ስቅያት ከኣ ኢለዮ። "ስቓይ" ትብል ቃል ንኻልእ ዝኸፈአ እናዘከረትኒ ኰይናስ ኣይፈትዋን እየ። ብዘይካ "ስቓይ" ንዕኡ ዝገልጽ ቃል ክረክብ ኣለኒ። ፍቕሪ ምስ ቃንዛ፡ ስቓይ፡ ምረት ተሓዊሱ ዝግለጸሉ እዋን ማእሚኡኒ ኣይቅበሎን'የ። ንዓኺ ምፍቃር ቃንዛ ኣይኰነን፣ ስቓይ'ውን ኣይኰነን። በቃ ካልእ ቃላት ዘይተረኽቦ ስምዒት እዩ። ከም ሓይሊ ወጋሕታ፣ ከም ሓይሊ ምስባር ኣቶም፣ ከም ምስጢር ጸሓይ፣ ... ገና መግለጺ ኣይረኸብኩሉን።

ግን ካብታ ዝፈልጠኪ ኣትሒዘ ክሳዕ ሕጂ ፍሉይ ገጽ ኣይረኣኹልክን። ኣበይ ኣሎ ኾራኺ? ኣበይ ኣሎ ሻቕሎትኪ? ኣበይ ኣሎ ንብዓትኪ? ኣበይ ኣሎ ትጽቢትኪ? ኣበይ ኣሎ ትምኒትኪ? ኣበይ ኣሎ ሕልሚኺ? ኣብ ገጽኪ ኣይረኣኹዎን፣ ኣብ ኣካይዳኺ'ውን ኣይረኣኹዎን። ሰለውለዋ! ከም ማይ ደርሆ ኣብ ቀላይ ሰለል እናበልኪ ክትከዲ እንከለኺ ዘይስረቕ ጠማቲ መዓስ ኣሎ። ኣንቲ እንታይ ገይረኪ እየ። ብሓቂ ዲኺኽ ተፍቅርኒ? ኣምላኽ ካብዚ ኹሉ ፍጥረቱ ዘጒደላ እንተ ሃልያ እዚኣ እያ። ስለምንታይ በሊ ከም ተፍቅርኒ ቀሊዑ ክርእየኒ ዘይከኣለ?

ዋሕዚ ወለላ ካብ ከናፍርኪ ዘይጠዓመ
ኣብ ሕቘፎኺ ዘሎ ሰላም ዘይፈለጠ
በኳር ዳህሳሲ ኰይኑ፡
ኣብ ኣዒንትኺ ዘይበረረ
ቅልውላወይ መዓስ ይርደኦ...!
ማዕቀብይ ናይ ልቦናኺ ሰፍሓት
ኣብ ቃና ሰሓቕኪ ዘሎ ፍትሓት
ምሳኺ እንክህሉ ዝመልእኒ ህድኣት
ዘይረኣየ
ሻቕሎተይ ከመይ ኢሉ ክርደኦ!!

ዝርድኣለይ የለን። ንስኺ እንተ ኣስትውዒልኪለይ እኹል'ዩ። ኣንቲ ብራቕ ጸሓይ! በጃኺ ክልምነኪ... ንዝረኽብኪዮ ወዲ ሓወይ ኣይትበሊ። "ሓወይ!... ሓወይ!" ክትብልዮም እንከለኺ ልበይ እናተማሕወት ጉድ ረኺበ።

ቀንዴለይ ክትኮኒ መን መደበለይ
ኮነት ህላወይ ምልኣት ህይወተይ
ዑደት ባህሪ ግዜ ቅድምን ድሕርን
ቅንዕ ቀኒኻስ ክድነን ኣይተዋሕጠለይን... ብርሃነይ።

ፍርሒ ኣለኒ! ዘይንበብ ውሽጥኺ ከም ድቕድቕ ጸላም መቓብር ኰይኑ ዘፍርሓኒ ግዜ ኣሎ። እናሻዕ ካብ ልሳንኪ ዘይርሕቃ ልምሉማት ቃላትኪ፡ ንመኣደይ ከየሻምውኦ ተጠንቀቒ በጃኺ። ኵሉ ሓውኺ ክኸውን ኣይክእል እዩ፣ ኵሉ ፈታው ሰናይኪ ክኸውን ኣይክእልን እዩ፣ "ኣፍቅረኪ'የ" ዝብል እንተ ተረኺበ'ውን ኣይከማይን፣ "እሓልየልኪ'የ" ዝብል እንተ ተረኺበ'ውን ኣይከማይን። ሕጂ'ውን ክልተ ነገር ካባኺ ዝደልየን ኣለዋ።

1. በጃኺ ንኹሉ "ሓወይ" ኣይትበሊ። ሓወይ እናበልክኒ'የ ሓዊ ተዘሪኡኒ። ሓወይ እናበልክኒ'የ ኣፍቃሪኺ ኰይነ።

2. በጃኺ ውሽጥኺ ኣብ ቅድመይ ቅልዒዮ። ሰሓቕክን ንብዓትክን ብማዕረ ክፈልጦም'ዩ ባህገይ። ሽዑ'ዩ ፍቕረይ ዝመልኣለይ።

ጃምቦ

# ጸጋታት ባሕሪ

## ንድፌ ሕጽይቲ ሕዛእቲ ባሕሪ ‘ደሴት ዲሴ’

ተኽለ መንግስቱ

ኤርትራ ከም’ቲ ሃብታም ባህላዊ ወርሻታት፡ ሃብታም ተፈጥሮኣዊ ወርሻታት’ውን ዝተዓደለት እያ። ብሩህ መጻኢ ሃገርና ድማ ኣብ ልዑን ሚላን ኣጠቓቕማ ጸጋታትና ከምርኮሰ ግድን’ዩ። ስለ ዝኾነ መንግስቲ ኤርትራ ዳግማይ ዝሕደሱን ዘይሕደሱን ተፈጥሮኣውን ወርሻውን ጸጋታትና ብምዕቃብ፡ ንረብሓ ህልዊን መጻእን ወለዶታት ኣተኩሩ ይሰርሕ ኣሎ።

ባሕርን ባሕራዊ ኣከባቢን ሃገርና ብበዙሕነት ስርዓተ-ማሕደሮ ህይወታውያን ማለት፡ ከም ስርሓት ዓሳ፡ ስፍራታት ዕንባባ ባሕሪ፡ ምንጪ ህይወታዊ ብዙሕነት ዝኾነ ኣግራብ ሾራ፡ ዝኣመሰሉ ሳዕርን ጸህያይን ባሕሪ ዝልለ ከባቢ ምዃኑ ዘማትእ ኣይኮነን። ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ዝለዓለን ዝተሓተን ምልኣተ ባሕርን ከምኡ’ውን ኣብ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ዝርከቡ ቦታታት ዝተፈላለዩ ዓሌታት ህይወታውያን ባሕርን መሬትን ዝርከብዎ ብምዃኑ ብኣገዳስነቱ ቁልፊ ሱ-ማሕደሮኣዊን ቁጠባዊን ስፍራ ምዃኑ ይግለጽ።

ቦታታት ቀይሕ ባሕርናን ገማግሙን ካልእ ዝበለጸ ዝፍለጠሉ ረቛሒ፡ ንምምዕባል ስርሓት ዓሳ ኣዝዩ ምቹእ ከባቢ ምዃኑ’ዩ። ህላወ ኣዝዩ ኣገደስቲ ስፍራታት ዕንባባ ባሕሪ ከምኡ’ውን ሰፊሕ መዕቀቢታት ዝበውንቲ እኩባት ደሴታት ዳህላክ፡ ሃብታም ስርሓት ዓሳ ንምምዕባል ሰፊሕ ኣበርክቶ ክህልዎ ትጽቢት ይግበረሉ። ብኣንጻርዚ ዘይከም መብዛሕትኦም ማያውያን ዓለምና ትሑት ምንቅስቓሳዊ ምትሕውዋስ ማይን ድኑት ቀወምቲ ፈሰስቲ ውሓይዝን ዘለዎ ምዃኑ ይፍለጥ። ከም ሳዕቤን ናይዚ ከኣ ቀይሕ ባሕርና ብዙሃዊ ዋሕዲ መኣዛታት ብምህላው መጐእታዊ ፍርያምነቱ ትሑት ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

እንተኾነ ከም ህላወን ዝርጋሐን ህንዳዊ ውቅያኖስን ሞንሱን ዝተባህሉ ዓይነት ንፋሳትን ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርና ካብ ሰሜናዊ ክፋል ዝሓሸ ምቅይያር ማያት ይርአ። ከም ወጽኢት ናይዚ ክስተት ከኣ ደቡባዊ ክፋል ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ዝሓሸ ህላወ መኣዛታትን ዝልዓለ መጐእታዊ ፍርያምነትን ስለ ዘለዎ ዝጠዙሑ ቁጽሪ ህይወታውያን ይርከብዎ። ብተወሳኺ ገለ ዓሌታት ህይወታውያን ካብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ብምግፋዕ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ባሕርና ቀዋሚ ሰፈራታት ከም ዝምዕብሉ ይእመን። ይኹን’ምበር ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብዙሃዊ ትሑት መቐት ማይን ዝልዓለ ምእካብ ደብትን ስለዘሎ፡ ዝተሓተ ምዕባለ ዕንባባ ባሕርን ዝውሓዱ ምስኡ ዝዛመዱ ዓሌታትን ይርከቡዎ።

ደሴት ዲሴ፡ ካብ ከተማ ምጽዋዕ ኣስታት 33 ኪ.ሜ ደቡባዊ ምብራቕ ትርከብ ኮይና ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዳህላክ እትመሓደር፡ ሰብ ካብ ዝነብሩለን ደሴታት እታ ዝቐረበት’ያ። ደሴት ዲሴ ናብ ሓወሲ ደሴት በሪን ወሸመጥ ዝላኻ’ውን ዝቐረበት ደሴት’ያ። ስም ናይዛ ደሴት ካብ “ደሶ” ዝበሃል ቋንቋ ዓፋር ዝቐለ ኮይኑ፡ ትርጉሙ ደሴት ማለት’ዩ። እዛ ደሴት ኣስታት 748 ሄክታር ስፍሓት ኣለዋ። ካብ እኩባት ደሴታት ዳህላክ እታ እኾ መሬታዊ ቅርጺ ዝሓዘ ሓወሲ ሰንሰለታዊ ጉቦታት ዝርከብ ደሴት ድማ እያ። ደሴት ዲሴ ካብ ብዙሓ ዓፋር ዝኾኑ ኣብ 30 ስድራቤታት ዝቖርቖ ኣስታት 160 ዝበጽሑ ብዙሓ ነበርቲ ኣለዉዋ። ብዘይካዚ እዛ ደሴት ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ባህላዊ ኣጉዶታትን ዘመናዊ ቤት መግብን ዝጠቓልል ቱሪዝማዊ ትሕተ-ቅርጺ ተሃኒጹላ ይርከብ።

ኣብ ጉቦታትን ጉላጉልን ዝበውንትን ናይ’ዛ ደሴት ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ዓሌታት ኣግራብ ከም ጭዑ ኣብ ወቕቲ ክረምትን ግዜ ዛሕልን ሓምላይ መልክዕ ዘልብሱዋ ዝተፈላለዩ ነዋሕቲ ሚእከሎትን ሓጸርትን መሬታዊ ቆጥቋጣትን ሳዕርን ኣለዋ። ኣብ ዝልዓለን ዝተሓተን ምልኣተ ባሕሪ ዝርከቡ መዕረፍን መፋረይን ኣዕዋፍ ባሕርን ገማግምን ናይ’ዛ ደሴት፡ ምንጪ ህይወታዊ ብዙሕነትን ካብ ብርቱዕ ማዕበልን ፍግረ-መሬትን መከላኸሊ ዝኾኑ ገረብ ሾራን እዮም።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ምዕራባዊ ደቡባዊ ከምኡ’ውን ሓላለፍም ኣብ ዝርከቡ ሓወሲ ማርሳ ማሰል ዝርከቡ ሑጻታት፡ ንምርባሕ ጉበየ ባሕሪ ምቹኣትን ውሑሳትን ስፍራታት’የም። ብተወሳኺ ንዝተፈላለየ ቀወምቲ ነበርትን ሳግምትን ዓሌታት ኣዕዋፍ ባሕርን ገማግምን፡ ከምኡ ድማ ዝተፈላለየ መሬታዊ ዓሌታት ኣዕዋፍ ዘእንግድ ኣኻውሕን ጸዓዳ ሑጻን ኣብ ከርሲ መሬታዊ ክፋል’ዛ ደሴት ዝርከቡ ተወሳኺ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት’የም።

እዛ ደሴት ንህላወ ዝተፈላለዩ ህይወታዊ ብዙሕነት ዘሰነየ ኣዝዩ ጸቡቕ ምዕባለን ዝርግሐን ዘለዎ ብዝተፈላለዩ ዓሳታት ዕንባባ ባሕሪ ዝወቀበ ፍሉይን ጥንቃቐ ዘድልዮን ተኻቃፊ ገማግም ዕንባባ ባሕሪ ኣለዋ። እዚኣቶም ድማ 7 ዓይነታት ዝጠቓለሉ እኩባት ዕንባባ ባሕሪ እዮም። ናብ ሓያል ማዕበል ቅሉዕ ኣብ ዝኾነ ክፋል’ዛ ደሴት ብኣክሮፓራ ዝጽወዑ ዓይነታት ዕንባባ ባሕሪ ዝተዓብለለ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ውሑስ ወገን ግን ብኢካዩሮፓራ ዝተዓብለለ’ዩ። ዓሌታት ኣክሮፓራ ብዘለዎም ድልዱል ኣቃውማ ንብርቱዕ ማዕበልን ልዑል መቐት ማይን ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ኣለዎም።

ብተወሳኺ ደሴት ዲሴ ኩርባታት፡ ኣጻድፍን ሰንጭሮን ዝጠዙሑ ንተራ-ሓንበስትን ተቐትቲ ባሕርን ዝማርኽ ትሕተ ማያዊ ቅርጺ መሬት ትውንን። ከምኡ’ውን ኑየም ብደረጃ ዓለም ኣብ ምጽናት ዝርከቡ ጉበየ ባሕርን ላም ባሕርን ምንጪ መግቢ ዝኾኑ ኣብ ብዙሕ ክፋላት’ዛ ደሴት ዝርከቡ ሰለስተ ዓሌታት ሳዕሪ ባሕሪ ኣለዉዋ። ንሳቶም ታላሲያ ሄምብሪቺ፡ ሃሎፊላ ኦቫሊስ፡ ሃሎዱል ዩኒነርቨስ ዝተባህሉ እዮም። ካልኦት ዝተፈላለዩ ዓሌታት ጸህያይ ባሕርን ስፍሃ ባሕርን ገለ ውሑዳት ካብ ብዙሓት ኣብ ማያዊ ክፋል’ዛ ደሴት ዝርከቡ ህያው ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ናይ’ዛ ደሴት’የም።

ደሴት ማዶት፡ ካብ ደሴት ዲሴ ንሰሜን ኣስታት 9 ኪ.ሜ. ርሒቓ ትርከብ። ከባቢ 5 ሄክታር ስፍሓት ዘለዋ ኣዝያ ንእሽቶ ደሴት ድማ’ያ። ዝልዓለ ብራኸኣ 1 ሜትሮ ዝበጽሕ ብምዃኑ፡ ዳርጋ ኣብ ጸፍሒ ባሕሪ ትርከብ ደሴት እያ። መሬታዊ ባይታኣ ምሉእ ብምሉእ ሑጻ ኮይኑ ኣብ ዝለዓለ ምልኣተ ባሕሪ ዝንኣስ ክፋላ ጥራይ እዩ ዝርአ። ካልእ ማዶት ካብ ከተማ ምጽዋዕ ኣስታት ዕስራ ማይል ርሒቓ ትርከብ ምጭውቲ ደሴት ኮይና ብቑጽሪ ብዙሓት ኣዕዋፍ ባሕርን ገማግምን እተእንግድ ማራኺት ደሴት’ያ። ብተወሳኺ ኣብ ከባቢ እዛ ደሴት ዝርከብ ማያዊ ኣካል ኣዝዩ ጽሩይ ማይን ንኽትዕዘቦም ዘይምነዉ ዕንባባ ባሕርን ዓሳታትን ዝርከብዎ ብምዃኑ፡ ብጽሕቲ ኣዝያ ተባሃጊት ደሴት’ያ።

ከም ናይ ዝበዝሓ ሃገራት ዓለምና ንጥፈታት ቁጠባዊ ምዕባለ ኤርትራ ንዝተወሰነ ክፋሉ ኣብ ሰረት ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ዝምርኮስ ክኸውን ግድን’ዩ። ስለዚ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ባሕርና፡ ደሴታትናን ገማግም ባሕርናን ከም ቀንዲ ኣሰሩድ መጻኢ መደባት ምዕባለ ቱሪዝምን ተወሳኺ ድርኺ ምንጪ ኣታዊታት መንግስትን ምዃኖም ዘማትእ ኣይኮነን። እንተኾነ ግብኢ ምቁጽጻር ዘይግበረሎም ልምዓታዊ ንጥፈታትን ዘይቅርዑይ ኣጠቓቕማን ንተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ብምዕናው ንወፍሪ ቁጠባዊ ዕቤት ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ ተርእዮታት ምዃኖም ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

ምቛም መርበብ ሃገራዊ ሕዛእቲ እምበኣር ህይወታዊ ብዙሕነት ከምዘለዎ ንምዕቃብ፡ ምንዳፍ ግብራዊ መደባት፡ ምስሳን ዝተፈላለዩ ክፋላት ሃገራዊ ወርሻ፡ ምትእትታው ቀጻልነት ዘውሕስ ሚላ ኣጠቓቕማ፡ ኣብ ወሸጦም ተሓቝፎም ዝርከቡ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ንምውሓስ ዝሓለመ’ዩ። ስለዝኾነ ምኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ንድፌ ሕዛእቲ ባሕሪ ደሴታትን ገማግም ባሕርናን መደቡ ዝሓዘ ምሕደራዊ ኣገባብ ብምድላው፡ ሚዛን ዘለዎ ቁጠባዊ ምዕባለን ምዕቃብ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታትን ንምሕላው ዝሆቅን ወጥናት ኣብ ምድላው ይርከብ። እዚ ንድፌ’ዚ ድማ ንደሴት ዲሴን ኣካላ ዝኾኑት ደሴት ማዶትን ዘጠቓለለ ወጥን’ዩ።

ንድፌ ምሕደራ፡ ብሓፈሻ ኽሸቶታትን ቀዳምነታትን ዘለዎን ዝተግበርን መሰረት ሒዙ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ብፍላይ ከኣ ንሚዛኑ ደሊታት ነበርትን ምዕቃብ ጸጋታትን ብወዱን መለክዒታት ዘዘምድ ረቛሒ ሚላ’ዩ። ስድ ንድፌ ሕዛእቲ ባሕሪ’ዘን ደሴታት ከኣ ንጽፉፍ ምሕደራን ምቁጽጻርን ጠፈጥሮኣዊ፡ ታሪኻውን ባህላውን ጸጋታት ናይ’ዘን ደሴታት ክሕግዝ ብምኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝረቐቐ ብኣዋጅ መንግስቲ ዝጸደቐ ንድፌ’ዩ። እዘን ዘይነጸላ ክልተ ደሴታት ከም ሕዛእቲ ባሕሪ ምስ ዝእወጃ ንህልዊን መጻእን ጸቕጥን ዕንወትን ጸጋታት ናይ’ዚ ከባቢ ብመቓን ዘላቒ ሱ-ማሕደሮኣዊ ኣገባብ ብምቁጽጻር ልምዳውን ባህላውን ባህርያት ነበርቲ ንምሕላው ኣየሸግርን።

እዚ ወጥኑ ምሕደራ ዘላቒ ምዕባለን ምዕቃብ ተፈጥሮኣዊ፡ ታሪኻውን ባህላውን ጸጋታት ናይ’ዘን ደሴታት ንምርግጋጽ ዝተኣደፈ ብምዃኑ ንረቡላ ልዑል ተራ ክጻወት እምንቶ ምኒስትሪ ሃብቲ’ዩ። ኩሎም’ቶም ዝተኣደፉ ዕላማታትን ሸቶታትን ናይ’ዘን ደሴታት ብመንጽር ዕላማታት ምዕቃብን ምስሳንን ተፈጥሮኣውን ታሪኻውን ጸጋታት ሃገርና ዝተኣደፉ’የም። ከምኡ’ውን




ወቀብ ቅርጺ መሬት ደሴት ዲሴ




ምሩጽ ጸዓዳ ሑጻ ገማግም ደሴት ዲሴ



ዓዲ ደሴት ዲሴ

ሃገር ብሓፈሻ ረብሓ ነበርቲ ናይቲ ከባቢ ድማ ብፍላይ ከረጋግጽ ዓቢ እምንቶ ተነቢሩሉ ኣሎ። ምዕቃብ ኣዝዩም ተኣቀፍቲ ተፈጥሮኣውን ባህላውን ስፍራታት፡ ምሕጋዝ ትግባረ መደባት ነበርቲ ማሕበረሰብ’ቲ ከባቢን ምህናጽ ብቑዕ ምሕደራዊ ትሕተ-ቅርጽን ገለ ካብ ቀንዲ ዕላማታት’ዚ ወጥን’የም።

ብዘይካዚ፡ እዚ ወጥን ንወሰንቲ ኣካላት ኣብ ምዕባለን ምሕደራን ሕዛእቲ ባሕሪ ከም መወከሲ መቓን ንምሕጋዝ ዝተኣድፈ ብምዃኑ ኣብ ምምስራትን ምሕደራን ካልኦት ሕዛእቲ ባሕሪ ምስ ምሕደራዊ መለክዒታት ዓለምለኸ ሕዛእቲ ባሕርን ምዕቃብ ተፈጥሮን ተፈጥሮኣዊ ጸጋታትን ብዘሎ ኣገባብ ዝተቐመረ’የም። ስለዚ ብመንጽር ዕላማታቱን ሸቶታቱን ዕዉት ትግባረ ንጥፈታት ሕዛእቲ ባሕሪ ንመጻኢ ጥጡሕ ባይታ ብምፍጣር ከም መንጥሪ ባይታ ከገልግል ትጽቢት ይግበረሉ።

ብተወሳኺ ብሓፈሻ ምኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ብፍሉይ ድማ ክፍሊ ኣከባቢ፡ ከም ኣማኻሪ ሕጋዊ መንግስታዊ ኣካል፡ ንትግባረን ምዕዋትን ናይዚ ንድፌ ብዕቱብ ክትጥፍ ዓቢ ትጽቢት ይግበረሉ።

ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

# ኣንክሮ

ማርታ ክብሮም

## ምስጢር ዓርቢ 13

ዕለት 13 ኣብ መዓልቲ ዓርቢ ምስ እትውዕል ብብዙሓት ሰባት ከም ብዓልቲ ሕማቕ ፋል ስለ እትሕሰብ ኣዝያ ተፍርሕ መዓልቲ እያ። ኣብዛ መዓልቲ ብዙሓት ዘሰንብዱን ዘሕዝኑን ታሪኻውያን ፍጻመታት ኢጋጢሞም እየን።




ስለምንታይ ከምኡ ኢጋጢሙ ግና ዝኾነ ዝፈልጥ ሰብ የለን። ኣብ 2010 ሓንቲ ብዙሓት ሰዓብቲ ዘለዋ ቻነል፡ ዕለት 13 ኣብ ዓርቢ ምስ እትውዕል ብዙሕ ሰብ ካብ መዓልቲ ብምፍራሕ ብዙሕ ንጥፈታት ከም ደገ ወጺኻ ምዕዳግን ካልእን ስለ ዘቋርጽ ዓመታዊ ካብ 700 ክሳብ 800 ሚልዮን ዶላር ክሳራ ከም ዘጋጥም ገሊጹ። ገለ ካብቶም ኣብዛ መዓልቲ ዘጋጠሙ ትራጂካውያን ፍጻመታት ንምጥቃስ–

ኣብ ግዜ ካልኣይ ኩናት ዓለም ሓይሊታት ጀርመን ንቤተ መንግስቲ ቢኪንግሃም ኣብ 13 መስከረም 1940 ዓርቢ መዓልቲ እየም ኣዕንዮሞ። እቲ መጥቃዕቲ እንተላይ ንቤተ ጸሎቶም ዝዓለመ እዩ ነይሩ። ኣብ እዋን መጥቃዕቲ ንጉሰን ንግስቲን ኣብ ውሽጢ እቲ ቤተ መንግስቲ ነበሩ።

ህቡብ ናይ ዓለምና ድምጻዊ ቱፓክ ሻኩር ብ 7 መስከረም 1996 ኣብ ላስቬጋስ ኣርባዕተ ግዜ ጥይት ምስ ተተኮሰሉ ንሽዱሽተ መዓልታት ኣብ ሆስፒታል ድሕሪ ምድቃስ ብ 13 መስከረም ዓርቢ ሞተ። ኣብ መስከረም 2023 ድማ ብቐትለቱ ዝተጠርጠረ ዱዋን ዴቨስ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእተዎ። ገበኛ ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ ድማ ዝጸንሐ ፍርዱ ተዋህቦ።

ወዲ 13 ብሪጣንያዊ መንእሰይ ብ 13 ዓርቢ ብወተሃደራዊ ኣቑጻጽራ ድማ ሰዓት 13:13 ብበርቂ ተሃሪሙ ሞተ። እዚ ስሙ ዘይተገልጸ ቈልዓ ወላኳ እቲ ሚህረምቲ ፊኩስ እንተ ነበረን ዶክተራት'ውን ክሳብ ሞት ከም ዘብጽሕ እንተ ገለጹን ን13 ዓርቢ ግና ክሓልፋ ኣይከኣለን።

ኪቲ ጀኖቨስ ኣብ 13 መጋቢት 1964፡ ዊንስቶን ሞሰለይ ብዝተባህለ ሰብ ኣብ ገዛኣ ተዓጊጻ ተቐቲላ። እዚ ገበን ኣብ ዘጋጠመሉ ኣዝዩ ህቡብ እዩ ነይሩ፡ ምኽንያቱ ኑቲ ድምጺ ናይ መጥቃዕቲ 38 ሰባት ሰሚዖሞ ክነሶም ሓደ ካብኦም ግና ናብ ፖሊስ ዝደወለ ኣይነበረን። እታ ረዳኢ ዝሰኣነት ንጽህቲ ጓል ድማ ኣብዛ መዓልቲ ክትመውት ክኢላ።

ኣብ ዓርቢ 13 ጥቅምቲ 2006 ብሰንኪ'ቲ ኣብ ሰሜን ኒውዮርክ ዝዘረመ በረድ ሰለስተ ሰባት ሞይቶም 130 ሚልዮን ዶላር ዝግመት ዕንወት ድማ ሰዒቡ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት 1972፡ ነፋሪት ኡራጓይ 571 ኣባላት ጋንታ ራግቢ ዝኾኑ ስፖርተኛታት ጸዒና ኣብ ኣኽራናት ኣንደስ ወዲቓ ብምሕምሻሻ 31 ሰባት ህይወቶም ሰኢኖም። እቶም ብህይወት ዝተረፉ ድማ ድሕሪ 10 መዓልታት ኣብታ ስብርባር ነፋሪት ብህይወት ተረኺቦም።

ኣብ ግዜኣ ሓንቲ ካብተን ዝዓበየ ዝነበረት መርከብ ኮስታ ኮንኮርዲያ ብ 13 ጥሪ ዓርቢ መዓልቲ 2012 ጠሓለት። እዛ ልዕሊ 1500 ተጓዓዝቲ ጸዒና ዝነበረት መርከብ ብምጥሓላ 32 ሰባት ህይወቶም ሰኢኖም። እቲ ካፒቴን ድማ ኣብ 2015 እቶም ዝሞቱ ብሰንኪ ናቱ ጌጋ ምዃኖም ተኣሚኑ።

ኣብ ዓርቢ 13 ሓምለ 1951፡ ኣብ ካንሳስ ኣዝዩ ብርቱዕ ዝናብ ብምህራሙ ልዕሊ 2 ሚልዮን ኤክር መሬት ተደምሰሰ። ብዘይካ'ዚ ብሰንኪ እቲ ዝናብ ፖንጺታት ናይ ዘይቲ'ውን ዓነወ። ኣብታ ከተማ ኣዝዩ ዕልቕልቕ ብምንባሩ ድማ ነበርቲ እቲ ከባቢ ንኣርባዕተ መዓልታት ብመኪና'ውን ክንቀሳቐሱ ኣይከኣሉን። ህዝቢ ካንሳስ ነዛ መዓልቲ "ጸላም ዓርቢ" ኢሎም ምጽውዖም ኣይተጋገዩን።

ምሕምሻሽ ነፋሪት 217 ኣብ ሩስያ ካብ ዘጋጠሙ እቲ ዝኸፍአ ሓደጋ እዩ። እታ ነፋሪት ብሰንኪ ሕማቕ ኩነታት ኣየር ክትዓልብ እናፈተነት ከላ እያ ወዲቓ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኩሎም ኣብኣ ዝነበሩ 174 ተጓዓዝቲ ሞቱ። ክሳብ ሎሚ ግና፡ እታ ነፋሪት ስለምንታይ ወዲቓ ንጹር ኣይተፈልጠን።

ብ 13 ጥሪ ዓርቢ 1989፡ ቫይረስ ናብ ኮምፒዩተራት ዓዲ እንግሊዝ ኣተወ። ብመሰረት መጽሔት ኤልኤ፡ ኣማኢት ኮምፒዩተራት ቡቲ ቫይረስ ዓነዋ። ብሰንኩ ድማ ብዙሕ ውልቃዊ ፋይል ተደምሰሰ። እዚ ቫይረስ ንብዙሓት ኮምፒዩተራት ኣዝሒሉወን እዩ። እቲ ጸቡቕ ነገሩ ግና፡ ንኣትላንቲካዊ ወቕያኖስ ኣይሰገረን።

ዋንጫ ሸወደን ዝሓዘት ዴሲ-3 ዝተባህለት ነፋሪት ብልዕሊ ባሕሪ ባልቲክ እናተጓዕዘት ከላ ብ 13 ሰነ 1952 ተሰወረት። ሎሚ እዛ ነፋሪት ካብ ትጠፍእ 40 ዓመታት ኣቍጺራ ትርከብ። የግዳስ ክሳብ ሕጂ ዝኾነ ደሃይ የብላን።

ነበርቲ ቪክቶርያ ዓርቢ 13 ጥሪ 1939 ኣብ ታሪኾም ዘይርስዕዋን በሰላ ዝገደፈትን ዕለት እያ። ክሳብ ሎሚ ድማ 'ጸላም ዓርቢ' ኢሎም ይጽውዕዋ። ጠንቁ ብዘይተፈልጠ ባርዕ ሓዊ ብምጅማሩ 71 ሰባት ብቐጥታ ቡቲ ሓዊ ክሞቱ ከለዉ፡ ካልኦት 438 ሰባት ድማ ብረስኒ ናይቲ ቃጸሎ ሞቱ። ከምኡ'ውን 575 ሽሕ ሄክታር መሬት ነደደ። ካብቲ ዝወጽአ ዝነበረ ትኪ ኣዝዩ ብርቱዕ ካብ ምንባሩ ዝተላዕለ ክሳብ ኒውዚላንድ በጽሐ።

## ስልጣነ ኢንዱስ

እዚ ሓደ ካብቶም ኣብ ርሑቕ ምብራቕ ኤስያን ደቡብ ኤስያን ሰለስተ ቀንደን ዓበይትን ስልጣኔታትን ዝነበረ እዩ። ስልጣነ ኢንዱስ ክሳብ ፓኪስታን፡ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍጋኒስታንን ሰሜናዊ ምዕራብ ህንድን ተዘርጊሑ ነበረ። እዚ ስልጣነ ሓዚዎ ዝነበረ መሬት ኣዝዩ ፍርያም እዩ ነይሩ። ስልጣነ ኢንዱስ ካብ 7000 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ - 600 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ዝነበረ ግዜ እዩ ነይሩ።

ሃራፓን ሞሀንጆዳሮን (ሎሚ ኣብ ፓኪስታን ዝርከብ ቦታ) ዝበዝሓ ክልተ ቀንዲ ከተማታት ድማ ነበራ። ክልቲአን ድማ ካብ 40,000-50,000 ብዝሒ ህዝቢ ነበረን። ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ናይዚ ስልጣነ ድማ ከባቢ 5 ሚልዮን ይበጽሕ ነበረ። ግዝኣቱ ናብ ኩሉ ኣንፈታት ክሳብ 1500 ኪሎ ሜተር ይዝርጋሕ ነበረ።

ህዝቢ ኢንዱስ ብኣደ ጥቡቕ ሕርሻን ንግድን እዮም ዝነብሩ ነይሮም። ኣብዚ ቦታ ዝኾነ ኣጸዋር ወይከኣ ቤተ መቕደስን ኣይተረኽበን። ኣብ ሞሀንጆዳሮ ዝነበረ ዓቢ ፒንኢ ማይ ግና፡ ካብ ሓጢኣቶም ከም ዝነጽሁ ይኣምኑ ብምንባሮም ይጥቀምሉ ነበሩ።



ነፍሲ ወከፍ ከተማ ናታ ኣመሓዳሪ ነበራ። ኣብ ላዕሊ ድማ ንኹለን ከተማታት ዘመሓድር ሓደ ላዕለዋይ ኣመሓዳሪ ነበረ። ህዝቢ ኢንዱስ ካሮሳን ጃልባን ኣማዕበለ። ኣብ ሕርሻ ድማ ማሰኖኣዊ ሕርሻ፡ ካናለታት፡ ዝተፈላለዩ ሕርሻዊ ሜላታትን መኣርሒታትን፡ ገሲትን ሕዙእ መሬትን ዝበሉ ተግባራት ኣተኣታተወ። ኣብ ኢደጥበበ'ውን ብዙሕ ዝኣደ ስርሓት ሰሪሖም እዮም። ኣብዚ ስልጣነ 10 ሰንቲ ሜተር ቁመት ዘለዋ 'ሳዕሪት ጓል' ዝበል ስም ዘለዋ ካብ ነሓሲ ዝተሰርሐት ሓወልቲ ኣላ። እታ ሓወልቲ ኣብ 1926 እያ ተረኺባ። ብዘይካ'ዚ ካልእ ናይ ሓደ ቀሸን ንገሰን ሓወልቲ ኣላ።

ስልጣነ ኢንዱስ ካብ 1900 - 1500 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ኣብ ዘሎ ግዜ ምኽንያቱ ብዘይተፈልጠ ክወድቕ ጀመረ። ኣብ መጀመርታ 20 ዘመን ዝተገበረ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ ቀንዲ ምኽንያት ምውዳቕ ናይዚ ስልጣነ ብሰንኪ ወራር ኣርያንስ ዝተባህለ ህዝቢ ከም ዝኾነ ይግለጽ። ከም ካልኣይ ምኽንያት ድማ ምቅይያር ክሊማ፡ ምንቃጽ ሩባ ሳራስዋቲ፡ ልዕሊ ዓቐን ብዝሒ ህዝቢ ኣብተን ክልተ ከተማታት፡ ምቁራጽ ንግዲ ምስ ግብጽን መሶፖታምያን ክኾውን ከም ዝኽእል ይገለጽ።

## ህዝቢ ኮይሳን

ደቡብ ኣፍሪቃ ወናኒት ብዙሕ ባህልታትን ቋንቋታትን እያ። ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ኣብዛ ሃገር ዝነብሩ ድማ ኮይሳን ዝበሃሉ ኣብ በረኻ ዝነብሩ ደቀባት ኣለውዎም። ህዝቢ ኮይሳን ሃደንቲ ኮይኖም፡ ምስ ኣኽበርቶም ተሳንዮም ዝነብሩ እዮም። ኣብ በረኻ ብዝረኽብዎም ኣትክልትን እንስሳታትን ድማ መነባብሮም የዳልዉ። ብኣዕራ ገይሮም ኣጉዶታት ይሰርሑ።

ኣብዚ ሕብረተሰብ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ



ሃድን ክሳተፉ ከለዉ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሱር፡ ፍረታት፡ ኣሕምልትን ማይን ይእኽባ። ኣብዚ ሕብረተሰብ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ሃድን ብዘለዎም ፍልጠት ልዑል ክብሪ ክረኽቡ ከለዉ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ልክዕ ከምኡ ኣብ ንጥፈታት ገዛን ምዕባይ ቈልዑን ብዘለወን ፍልጠት ሰብኣተን ከኽብሩወንን ከናኽሱወንን ግዴታ ኣለዎም።

ቀቢላ ኮይሳን ብዛዕባ ኣትክልትን እንስሳታትን ጥራይ ኣይኮነን ዓሚቝ ፍልጠት ዘለዎም። ኣብ ወርሒ ተመርኲሶም ኣንስቶም መዓስ ወርሓዊ ጽግያት ይመጾአንን ንውላድ ናይ ጥንሲ ግዜያትን ክፈልጡ ኣይሸገሩን እዮም።

ኣብዚ ቀቢላ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ተመርዕያ ምስ እትወልድ ልዑል ክብሪ እዩ ዝወሃባ። ካብ ግዜ ንእስነታ ሕርሲ ከም ዘፍርሕን ከቢድን ኣቓንዘውን ዘይኮነ ብትብዓትን ብዘይፍርሒን ክትምክቶ ከም ዘለዋ እያ እናተማህረት እትዓቢ። ስለዚ ኣብዚ ቀቢላ ደቂ ኣንስትዮ ኩሓርሳ ከለዋ ብዘይ ናይ ዝኾነ ሓገዝ ንበይነን ኮይነን እየን ዝሓርሳ። ንረብሓበን ወይ ኣብ ዘርያአን ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ፡ ነተን ካልኦት ቈልዑ መግቢ ብምሃብን ብምክንኻንን ይሕግዘአን። እታ ኣደ ኣብ ግዜ ጥንሲ ከይተረፈ ኩሉ ሃጓዩ ዘይከሳ ንጥፈታት ባዕላ እያ እትዓሞ። ስለዚ ኣብዚ ሕብረተሰብ እታ ኣደ እኹል መግቢ ስለትረኽብን ምንቅስቓስ ኣካላት ስለ ተዘውትርን ጥዑይ ቈልዓ እያ ትወልድ።

ንበይንኻ ኣብ ገዛ ተዓጺኻ ቈልዓ ምውላድ ነተን መጀመርታአን ዝወልዳ ደቂ ኣንስትዮ ኣዝዩ ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ሓንቲ ኣደ ክትወልድ ከላ፡ ዝበዝሓ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ መታን ፍርሐን ክኣልያ ከመይ ኢላ ከም እትወልድ ከይደን ክዕዘባኣ ይኽእላ እየን። ኣብዚ ሕብረተሰብ ወላኳ ሞት ኣደ ኣብ ግዜ ወሊድ እንተ ዘይሃለወ፡ ሞት ዕሸል ድሕሪ ወሊድ ግና ብበዝሒ ድማ ዝርአ እዩ።

ብበዝሒ ደርኣ እዩ። ድሕሪ ሕርሲ ንኽብሪ እታ ሓራስ ተባሂሉ ጠል ወይ ጠበ ድሕሪ ምሕራዶም፡ ንቑርበቱ ድማ ክዳን ኑቲ ህጻን ክኾና ኑታ ኣደ ይህብዋ።

ኣዴታት ኮይሳን ውላደን መዓስ ክሸይን ይደሊ ስለ ዝፈልጣ ህጻን ክሸይን ከም ዝደለየ ኣብ ዝርድኣሉ ግዜ ነቲ ቈልዓ ካብ ነብሰን ኣርሒቐን ይሕዝኦ።

ብሓፈሻ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ እዚ ሕብረተሰብ ካብ ግዜ ህጻንነተን ቈልዓ ምስ ወለዳ ክንክብርኦ ዘለወን ነገራት እናተማህራ ስለ ዝዓብያ ኣብ ምዕባይን ምክንኻንን ቈልዓ ብዙሕ ኣይሸገራን እየን።

ኣብቲ ሕብረተ ሰብ ውልቃውነት ቦታ የብሉን። ኩሉ ንጥፈታትን ዕማማትን ብሓባር እዩ ዝስራሕ። ህጻናት ድማ እቲ ቀቢላ ንዕላል ኣብ መጋርያ ሓዊ ክእከብ ከሎ ወይ ብሓንሳብ ክምገቡ ከለዉ ቈልዑ ብዙሕ ሓገስ ስለ ዝህብዎምን ፍቕርን ምትሕግጋዝ ናይ ሕብረተሰቦም መታን ክመሃሩን ኣይንጽልዎምን እዮም።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ ዓንጋሊት |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH IN-SIGHT |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄራር |
| 14:35 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:01 | ህርመት |
| 16:25 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ሜእገር |
| 19:45 | ቀስተ-ድሕነት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማሰመር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ፍኖተ-ሂወት |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም ማስተግኸር 45 |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ኣብርሃለይ ተወልደብርሃን መሓረዝጊ ወደይ ሃብተም ኣብርሃለይ ተወልደብርሃን ስለዘተሰወኣ፡ ኣነ ምስ ብፃልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኢልሳ ጉብረብርሃን ሃይለ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ፋጥማኑር ኣሕመድ ሓሰን ምባል ተረፉ፡ ኑራ ኣሕመድ ሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣብርሃም ክፍለ ካሕሳይን ወ/ሮ ንግስቲ ተስፋማርያም ዑቕበት፡ ወድና ሰለሙን ኣብርሃም ክፍለ ስለዘተሰወኣ ንሕና ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓንደም ግርማጼን ፍረዶ፡ ኣደይ ኣምለሰት ኣስፍሃ ትኳቦ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተመስገን ኣማኒኤል ዑቕበት ወ/ሮ ፍረወይኒ ክንፉ ሰዩምን ስም ት/ዕደመ ወድና ኣሰሄል ተመስገን ኣማኒኤል ምባል ተረፉ፡ ሰናይ ተመስገን ኣማኒኤል ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ ለተብርሃን ጸጋይ ወልደገርግሽ፡ ተኸሳሲ ኣብርሃም ፍስሃጼ፡ ብዓልቲ ቤትካ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ወ/ሮ ጸገወይኒ ሃብተማርያም ተሉ፡ ብዓል ቤተይ መብራህቶም ፍስሃጼ ሃይለ ስለዘተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ምኑት ጉብረየሱስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣፈወርቂ ተኽሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲት ለምለም ኣብርሃም፡ ተኸሳሲ ኣብርሃም መሓሪ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ፍናን ኣለክሳንደር ጉብረትንሳኤ ምባል ተረፉ፡ ፍናን ኣለክሳንደር ኣለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ጀምዓ ያሲን ዓብደላ ምባል ተረፉ፡ ጀሚላ ያሲን ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

እንድርያስ ሃብተማርያም ሲሳይ ምባል ተረፉ፡ ኬብሮን ሃብተማርያም ሲሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ኣስላ ዑቕባልደት ወልዱ፡ ኣቦይ ዑቕባልደት ወልዱ ሕጎት ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተማርያም ወልዱ ሕጎት፡ ኣቦይ ወልዱ ሕጎት ማይቦቶትን ኣደይ ማርታ ዘርኣጋብር ተኽለማርያምን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ን/ዞባ ከተማ ምጽዋዕ ዞን 1 ቊ.ገዛ 304 ፕሎት 114 ካብ ክልተ ምድሪ (2) ሰፍሓት መሬት 103.3 ት/ሜትር 2 ቀንዲ፡ 2 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ብቊ.ንብረት 2BRMAW000746 ብስም ሃብቶም ዘካርያስ ጉብረትንሳኤ ዝተመዝገበ ኢፓርታማ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ናብ ስምና ከሰጋገር ስለዝሸኛና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኳይኑ ውሳነ ሒዙ ኣብ ክፍሊ ቴክኒክ ምም. ን/ዞባ ምጽዋዕ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና መተኣማመኒ ሰነድ ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

ወረስቲ ሃብቶም ዘካርያስ ጉብረትንሳኤ
ወ/ሮ ኣልጋሽ ተስፋይ መንግስቱ +5

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 4 ምምሕዳር 03 ፕሎት 102 ፓርሰል "ኤ" ጎደና 726 ቊ.ገዛ 6/8 ብምስክር ወረቐት 105859 ብመወከሲ ቁጽሪ 103609 ብኣቶ ደብሳይ ኣርኣያ ግርማጽዮን ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ ብመንገዲ ፈጻሚ ፍርዲ ብዘዞ ትእዛዝ መሰረት ብጽሒት ወ/ሮ መብራት ኣባይ ዝኾነ ክፋል "A" ናብ ስማ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ናብ ስማ ከመሓላልፍ ምዃነይ እሕብር፡፡

ሕጋዊ ወኪል ደሃብ ደብሳይ ኣርኣያ

---

ብስም ኣቦ ቦኽረጼን ከተማ ዝተመዝገበ ብቊ.ፍ.ዋኒን ASL0000834 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ዳህላክ ቊ.ገዛ 64/66 ዝርከብ ናይ ባርን ቢልያርዶን ትካለይ፡ ንኣቶ ኣሌክሳንደር ግርማይ ኣብርሃ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይተመናይ ጎደና 126-9 ቊ.ገዛ 46 ካብ ዕለት 01/01/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2025 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ኣቦ ቦኽረጽዮን ከተማ
ሕጋዊ ወኪል ኣዝመራ ቦኽረጽዮን

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ጎደና- ቊ.ገዛ-ብቑ/ፍቓድ ዋኒን DML-00010125 ናይ ታክሲ ትካለይ ንወ/ሮ ደሃብ በላይ ወልደስላሴ ኣድራሻ ከተማ መንደፈራ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ጎደና ቊ.ገዛ ብ 70,000 ናቕፋ ብዕለት 15/07/2015 ስለዝሸጥኩላ፡ ብስም ሺያጢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ኣሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ኣወጣሽ ጉብረሚካኤል

---

ወ/ሮ ተቀባሽ ጉብረእግዚኣብሄር ወልዱ፡ ዝተፈቐደለን ናይ ቤት መስተ ንግዳዊ ትካል "ባር ሃራምበ ኣፍሪቃ" (BAR HARAMBE AFRICA) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም እንምዝገቦ ኣፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ን/ዞባ ከተማ ባረንቱ ዞን 1ብሎክ 36 ፓርሰል D ስፍሓት መሬት 312 ት/ሜ ንትካል ዝተዓደልናዮ መሬት፡ ብስም ሃብቶም ዘካርያስ ጉብረትንሳኤ ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብናዮ፡ ናብ ስምና ከሰጋገር ስለዝሸኛና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኳይኑ ውሳነ ሒዙ ኣብ ክፍሊ ቴክኒክ ምም. ን/ዞባ ባረንቱ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና መተኣማመኒ ሰነድ ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

ወረስቲ ሃብቶም ዘካርያስ ጉብረትንሳኤ
ወ/ሮ ኣልጋሽ ተስፋይ መንግስቱ +5

---

ኣብ ምም/ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ዕደለ ቊ.ገዛ 10/16 ፕሎት 3 ፓርሰል F ስፍሓት 500 ት/ሜ/፣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1፡005981 ብስም ሰልቫና ካዚ. ጆቫኒ፡ ጆቫና ካዚ. ጆቫኒ ኢመሪን ካዚ. ጆቫኒ ዘለና ናይ ሓባር ንብረት (ገዛ) ናይ ሓብትና ኣፍ/ራት ሰልቫና ካዚ. ጆቫኒ ብጽሒት፡ ብውርሲ ናብ ስምና ከመሓላልፎ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ዝተባህሎ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታዮ ዞ/ማእከል ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነድ ኣቕሪብ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኢመሪን ካዚ. ጆቫኒ

---

## ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፡ ኣሕምልቲ ፍረታት፡ ስጋ ጠል ምስ ዓጽሙ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ጸባ ኒዶ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ባ. ዕንጨይቲ

ኣሃዱ፦ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ጊንዳዕ ከምኡ'ውን ቤ/ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ጊንዳዕ

ኣርእስቲ ውዕሊ፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ

ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ሆስፒታል ጊንዳዕ ንዓመተ 2025 ዓ/ም ካብ ወርሒ 1/1/2025 ክሳብ 31/12/2025 ዓ/ም (ሆስፒታል ጊንዳዕ፡ ቤት ትምህርቲ ኣሰሰይቲ ነርስ ጊንዳዕ) ንሕሙማትን ተማሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም፡፡ (ናይ ጨረታ ቅጥዒ ሓበሬታ ኣብ ኣፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ቤት ትምህርትን ይወስዱ)

ተማሓርቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት

1.ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልቲን ፍረታትን፡ ስቡሒ ዘይብዝሖ ስጋ ጠል ምስ ዓጽሙ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ጸባ ኒዶ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ባ. ዕንጨይቲ ብዕሹግ ደብዳቤ ከቕርቡ ይዕድም፡፡

2.ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡

3. ተማሓርቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመተ 2024 ክሊራንስ ናይ ኢታዊ ውሽጢ ሃገር መንግስቲ የቕርቡ፡፡

4.ተማሓርቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድልዮ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት መወከሲ ሆስፒታል ጊንዳዕ ጀምዓ ኣደም ቁ.560173(07175402) ናይ ጨረታ ሓበሬታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡

5.ብቑዓት ተማሓርቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100,00 (ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ፡፡

6 ጨረታ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 15/09/2024 ሰዓት 9፡45 ቅ.ቀ ክዕጾ ኣለዎ፡፡ ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተማሓርቲ፡ ሕጋውያን ወኪልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብ፡ ስዑሮዖት ወይ ኣክፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ መወከሲ ሆስፒታል ጊንዳዕ ይኣቱ፡፡ ዕለት 15/09/2024 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡

7.መኽበሪ ጨረታ፡ ዝምለስ ንኣፍሲ ወከፍ ኣማሓራቲ ትካል ጥዕና ኣሕምልቲን ፍረታትን ስጋ ባኒን 20,000.00 ናቕፋ እንቋቑሖ፡በርበረ፡ ጸባ ዕንጨይቲ 5,000 ናቕፋ ብሲፒኦ (cpo) ከትሕዙ ይግባእ፡፡

8.ጨረታ፡ መምርሒ ዕድጊን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡

9.ተማሓራቲ፡ ነቲ ዝተዓወተሉ መግቢ ብናቱ መጎዓዝያ ናብ ዝተዓወተሉ ሆስፒታልን ቤ/ትምህርትን የቕርብ፡፡

10.ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ጊንዳዕ ቤ/ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርስ ጊንዳዕ
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## STATE OF ERITREA
## MINISTRY OF AGRICULTURE
## INVITATION FOR BIDS (IFB)

1. The State of Eritrea, Ministry of Agriculture, and National Project Coordination Office (NPCO) has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) and intends to apply a part of the proceeds of the financing to this purchase. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Integrated Agricultural Development Project (IADP)

2. The Integrated Agricultural Development Project (IADP) includes three components and has six years' lifetime starting June 2022. The overall goal of the project is to contribute to poverty reduction and food and nutrition security of rural households. The project Development objective is to enhance small holder agricultural production and productivity in sustainable way and improves rural livelihoods.

3. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website on 31 January, 2024, the United Nations Development Business (UNDB) website on 31 January, 2024 and a national newspaper Haddas Eritrea/ Eritrean profile on 2 March, 2024,

4. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities (bidders) for the Procurement of Maintenance Materials for Laboratory Equipment and Accessories and Procurement of vegetable and forage seeds at CIF Massawa Sea port for foreign bidders or MOA Ex-warehouse for local bidders with 120 days delivery period from contract signature. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in this bidding document.

5. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services.

6. Bidding will be conducted using the national competitive bidding (NCB) method, the evaluation procedure for which is described in this bidding document, in accordance with the IFAD Procurement Handbook which is provided at www.ifad.org/project-procurement. The NCB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award.

7. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet (BDS), Section III of the bidding document.

8. Bidders interested in submitting a bid shall get the bidding document for free against application letter. Bidding documents can be obtained by sending an e-mail or letter, giving full contact details of the bidder, to the following point of contact. This will ensure that the bidders receive updates regarding this bidding document.

   To: Ministry of Agriculture,

   Procurement and Supplies Management Division (PSMD)

   Lidia Russom (Senior Procurement officer)

   Sawa Street, Asmara, Eritrea

   Email: Lidyarusomlidu1221@gmail.com

   Tel Number: 00291181076/00291189266

   P.O. Box: 1048

9. Bids must be delivered to the address and in the manner specified in the bid data sheet –instructions to bidders 23.2, no later than 9:30 am local Asmara, Eritrea time, 19 September 2024.

10. Bidders shall be aware that late bids will not be accepted under any circumstance and will be returned unopened at the written request and cost of the bidder. All bids must be accompanied by bid-securing declaration.

Please note that electronic bids shall not be accepted.

BISHA MINING

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

**Position: Concentrate Logistics Supervisor**
**Department: FITS/Port and Logistics**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Responsibility to operate as a Logistics Supervisor for the bulk of the time.
- A person will be trained and developed to manage the Port Office in the absence of the Logistics Manager as well as stand in for the office assistant in her absence.

**Main Function**

- Supervision of all Rotorcon Logistics at the port arriving from and destined for Bisha Mine.
- Planning, executing and supervision of all Rotorcons movements during vessel loading.
- Supervision and operation of the New Fuel Truck, Supply fuel from total fuel S/Station, dispensing fuel to BMSC Mobile Port Equipment. control balances and generate reports as to BMSC fuel Management standard procedures.
- Follow basic Health and Safety rules and regulations of re-fuelling, Rotorcons handling and vessel loading operations.

**Unique Requirements / Other Information**

- Candidate must be medically and physically fit.
- Ability to work in multicultural work environment.
- Produce and maintain effective training results.
- Conducting training evaluation & effectiveness assessment.
- Coaching and mentoring skills.
- Assessment and moderation skills.
- Understanding of instruction design.
- Facilitation skills.

**Qualifications:**

- Certification /Diploma in Shipping /Logistics OR
- Lacking in experience but Degree/Certificate & skilled person we can develop and train to our requirements

**Knowledge and Experience:**

- 5 years' experience in shipping and related Logistics
- Clearing and forwarding and stevedoring experiences
- Exposure to customs procedures
- Third Grade Driving license is essential

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| • Computer Literacy (MS Office, CAD programs)<br>• Attention to detail<br>• Analytical skill<br>• Problem solving skill<br>• Relevant trade skills or prior experience<br>• Geometric development – recommended | • Communication (English and local languages)<br>• Assertiveness<br>• Interpersonal Relations<br>• Integrity<br>• Conflict resolution<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• High level of accuracy<br>• Discretion<br>• High Safety attitude |

**General Information and other requirements:**
**Salary:** **As per Company salary scale.**
**Type of Contract:** **Indefinite**
**Place of work:** **Massawa**
**Additional requirements for Nationals:**
**Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
**Present clearance paper from current/last employer.**
**Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
**Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
**Application documents will not be returned to the sender.**
**All applications should be sent through the post office.**
**Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**
**Address: Please mail your applications to.**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276**
**Asmara, Eritrea**
**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**1.Aliens Employment permits Affairs,**
**P. O. Box 7940**
**Asmara, Eritrea.**
**2.Mineral Resources Management**
**P. O. Box 272**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሰምሃርን ዮሃናን - ኣብ ዝተሳተፋኦ ዓውዲ ዘድምዓ ስፖርታውያን

*ኣብ ናይ ሎሚ ትሕዝቶ ዓምዲ ስፖርት፡ ኣብ ጸገኩርን ተዋግዲ ሰዕምን - ካብ እግሪ ብዑተን ዚይተርፍ፡ ኣብ ስፖርት ደማ ልዑል ተሳታፍነት ዘለወን ኣባላት ጆግና ሓይልታት ምክልኻል - ካብ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ጋንታ በፈር ሰምሃር በረኸት፡ ካብ ክፍሊታት ምኒስትሪ ምክልኻል ጋንታ ዓማርባብ ደማ የሃና መልኣከ ዘለሲ ጽሑፍ ተዳልዩ ኣሎ። ሰናይ ንባብ–*

ኣሰልጣኒት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ በፈር ዝኾነት ሰምሃር በረኸት፡ ኣብ ግዜ ህጻንነታ ምስ ደቂ-ተባዕትዮ ኩዕሶ እግሪ ምጽዋት ተዘውትር ነይራ። ሓደ እዋን በት ትምህርታ፡ ጋንታ



ሰምሃር በረኸት፡

ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ንኽተዳሉ ተበገሰት። ኣሰልጣኒ ቤት ትምህርቶም ብዝዕባ ሰምሃር ሓበሬታ ምስ ረኸበ ተኸታቲልዋ። ንቤት ትምህርቶም ወኪላ ክትጻወት ከም ዝኾኑት ድማ ሓበሩ። ሰምሃር ፍቓደኛ ኣይነበረትን። ኣሰልጣኒኣ ተገዲዳ ክትጻወት ኣይመረጸን። ንምእማና ድማ ንወላዲኣ ክሕግዞ ተወኪሰዎ። ኣቦኣ ድማ ኣሚኑ ከም እትጻወት ገበረ።

ኣብ'ተን ኣብ ቤት ትምህርታን ኣብ ከረን ደማ ቈይመን ዝነበራ ክልተ ጋንታታት ንኽትጻወት ተጸንበረት። ኣሰልጣኒ ስቡሓት ባርካይ፡ ነታ ጋንታ ካብ ዞባ ሓሊፋ ምስ ናይ ኣስመራ ጋንታታት ሓዝሓዝክን ጎዳይፍን ከም እትጻወት ይገብር ነይሩ። ዓቕሚ ተጻወትቱ ድማ ክኑብ ኢሉ። ብፍላይ ሰምሃር ንፍዕቲ ተኸላኻሊት ምኳና ኣመስከረ።

ሰምሃር፡ ምስ'ታ ብደረጃ ዞባ ቈይማ ሃገራዊ ጸወታ ዘካየደት ጋንታ ዞባ ዓንሰባ ኲይና ኣብ ዝተጻወተትሉ፡ እታ ጋንታ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ንኽትወጽእ ዘለኣድ ኣበርክቶ ነይሩዋ። እዛ ንኽልተኡ ኣእጋራ ብማዕረ እትጻወተሉ ብዚያዳ ኣብ ምክልኻል እተድምዕን ተጻዋቲት፡ ኣብ ዘካየደቶም ጸወታታት ብቕዓታ ጥርዚ ስለ ዝበጽሐ፡ ኣብ'ታ ብኣሰልጣኒ ተኪአ ኣብርሃ ተመራሓ ኣብ 2002 ናብ ማእከላይን ምብራቕን ኣፍሪቃ (ሴካፋ) ውድድር ከተካይድ ዝተመርጸት ሃገራዊት ጋንታ ተጸንበረ።

ምስ ሃገራዊት ጋንታ ታንዛንያ ኣብ ክልተ እብረ ጸወታ ተሳቲፋ። ኣብ 2003 እውን ኣንጻር ሃገራዊት ጋንታ ጅቡቲ ተጻዊታ። ኣብ 2004፡ ኣብ ዝተኻየደ ኣህጉራዊ ውድድር ብደረጃ ኣፍሪቃ (CAF ) ዝተወደበ ደጊማ ምስ ታንዛንያ ተራኺባ።

ሰምሃር፡ ኣብ 2005 ሃገራዊ ግቡኣ ክትፍጽም መበል 19 ዙርያ ሳዋ ወረደት። ታዕሊም ወዲኣ ድሕሪ ምምላስ ድማ፡ ኣብ ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጉዳይ ኑዳዊ ዞባ ዓንሰባ ተመደበት። ስፖርት ክትቕጽሎ ሰራሓ ዓንቃፊ ስለ ዘይነበረ፡ ስፖርታዊ ንጥፈታታ ቀጺላቶ።

ኣብ 2006፡ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ታንዛንያ (ሳልሳይ ግዜኣ) ኣብ ዝገጠመትሉ እዋን፡ ሰምሃር ምስ ቀወምቲ ተሰለፍቲ ነይራ። ብፍጹም ቅላዕ'ውን ሸቶ ኣመዝጊባ። ኣብ 2007 ምስ ሞሮኮ ኣብ ዝተኻየደ መጻረዪ ግጥም፡ ካብ ፍርቂ ሜዳ ቀሊዓ ሸቶ ኣመዝጊባ፡ "ዝበለጸት ሸቶ ናይ'ቲ ግጥም" ተባሂላ ድማ መዛረቢ ማዕከናት ዜና ኮይና ነይራ። ንደቂ ሞሮኮ ብፍጹም ቅላዕ ካልኣይቲ ሸቶ ብምድጋም ሃትሪክ ሰሪሓ። ሰምሃር፡ ብድምር ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ 12 ግዜ ቀዋሚት ተሰላፊት ኮይና ከም ዝተጻወተት መተኣኻኸቢ ሓበሬታን ገበናዊን ሚኒስትሪ ምክልኻል ኤርትራ ኣብ መዘከሪ መበል 15 ዙርያ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኣብ ዘርገሓ ጽሑፍ ጠቒሰዎ ነይሩ።

ሰምሃር፡ ንጸወታ ኩዕሶ እግሪ ንዓመታት ኣወዚፋቶ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ 2016 ን 2018ን ንኣደ ኣሃዱኣ፡ "እዚ ህዝባዊ ሰራዊት፡" ወኪላ - ምስ ጋንታ በፈር - ኣብ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ተሳቲፋ ነይራ።

ኣብ 2019፡ ተሓጋጋዚት ኣሰልጣኒት ሃገራዊት ጋንታ ኮይና ተመረጸ። ናይ ማእከላይን ምብራቕን ኣፍሪቃ (ሴካፋ) ኣብ ዩጋንዳ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ድማ ብምኽራት ኣሰልጠንቲ እናተኣለየት ዕውት ሰራሕ ሰሪሓ።

ኣብ መበል 15 ዙርያ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣሰልጣኒት ጋንታ በፈር (እዚ ህዝባዊ ሰራዊት) ኮይና፡ ነቲ በዓሊ ጸወታ ክትምክሮ ከላ፡ ብኣሃዱኣን ኣፍቀርቲ ስፖርት ከተማ ከረንን ሓያል ደገፍ ረኺባ። ሰምሃር፡ ንኹሉ ማሕበራዊ ብድሆታት እናመከተት ኣብ'ዚ ደረጃ ምብጻሓ ኹኣ ንኻልኦት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብነት እያ።

ዝም ክጥቀሱ ዝጸንሑ ተሳትፎኣ ንምዕባይ ኣብ ብዙሓት ስልጠናታት ተሳቲፋ እያ። ንኣብነት፦ ስልጠና ኣሰልጠንቲ ካፍን ፊፋን፡ ግራስሩትስ፡ ስርዓተ ኣመጋግባ (Nutrition)፡ ምሕደራን ኣፈታትሓ ግጭትን፡ ካፍ "C" ላይሰንስ፡ ፈደራል ዳኛ፡ ቀዳማይ ረዲኤት፡ ስፖርት መዳሰንን ኣካላዊ ብቕዓትን ካልኦትን ይጥቀሱ። ሰምሃር፡ ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ሓንቲ ቈልዓን እያ።

* * *

የሃና መልኣከ ቴድሮስ እውን ብልጽቲ ዒጋቲት ኩዕሶ መርበብን መስመር ዳኛ ኩዕሶ እግርን'ያ። ንሳ ኣብ ንኡስ ዕድመኣ'ያ ብተምሳጥ ኣብ ከባቢኣ ዝጻወታ ዝነበራ ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ስፖርት ፍቕሪ ሓዲሩዋ። ኣብ ቤት ትምህርታ ድማ ጸወታ ብኹዕሶ መርበብ ፈሊማቶ። ኣብ ሓጺር ግዜ ኾኣ ንዞባኣ ወኪላ ክትጻወት በቒዓ።

ኣብ 2011፡ ሃገራዊ ግቡኣ ንኽትፍጽም ኣብ መበል 25 ዙርያ ናብ መደበር ታዕሊም ሳዋ ወረደት። ኣብኡ'ውን ኣብ ኩዕሶ መርበብ ንብርጌድ ወኪላ ተጻዊታ። ኣብ መዛዘሚ ፈስቲቫል መዓስከር ድማ ምስ ደቂ ጋንታኣ ዋንጫ ዓቲራ።

የሃና፡ ፖሊቲካዊን ወተሃደራዊን ታዕሊም ምስ ዛዘመት፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ተመደበት። ካብ'ዚ ንደሓር'ዩ ኸኣ ናይ ኩዕሶ መርበብ ዝንባሌኣን ዓቕማን ዝተዓዘበ ኣሰልጣኒ ኩዕሶ መርበብ ክሉብ ገዛ ጥንዳ ዝነበረ ሚካኤል ተኽለሚካኤል ኣብ'ታ ጋንታ ዝጸንበረ። በቢግዚኡ ብቕዓታ ክኑብ ብምባል፡ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ይካየዱ ኣብ ዝነበሩ ውድድራት ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ ጋንታኣ ሻምፕዮን ኮይና ንኣርባዕተ ዓመታት ክትዕወተሉ ከላ ተራ የሃና ዕዙዝ'ዩ ዝነበረ።

ኣብ 2015፡ ኣብ ውሽጣዊ ውድድር ክፍሊታት ምኒስትሪ ምክልኻል ኤርትራ፡ ምስ ክሉብ ሳቦር ተጻዊታ። ኣብ 2016 ኸኣ፡ እታ ጋንታ ካልኣይ ደረጃ ክትወጽእ በቒዓ። ኣብ ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ 2016፡ ጋንታኣ ዓንሰባ ዋንጫን መዳልያን ክትዓትር ከላ፡ ኣብ 2018 ድማ ካልኣይቲ ኮይና ውድድራ ዛዚማ። ኣብ ክልተኡ ናይ ውድድር ዓመታት ድማ ብውልቃ፡ "ብልጽቲ ተጻዋቲት ኩዕሶ መርበብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ" ተባሂላ።

ብምኽንያት ስርሒት ፈንቅል ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ኣብ ዝተኻየዱ ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ገምገም ባሕሪ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣርባዕተ ግዜ ኣብ ዝተጻወተትሎም፡ ጋንታ ዓንሰባ ሓንሳብ ዋንጫ ክትዓትር ከላ፡ ሰለስተ ግዜ ድማ ካልኣይቲ ኹይና ውድድራታ ንኽትዛዝም ተራ የሃና ኣቃለልካ ዝርአ ኣይነበረን።

ኣብ ምጽዋዕ ኣብ መንጎ ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ግብጺ፡ ሩዋንዳን ደቡብ ሱዳንን ኣብ ዝተኻየደ ዞባዊ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ገምገም ባሕሪ ደቂ-ኣንስትዮ፡ መጻረዪ ኦሎምፒክ ቶክዮ 2020 ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ሳልሳይ ደረጃ



የሃና መልኣከ

ንኽትሕዝ 'የሃና' ዓቢ ኣበርክቶ ከም ዝነበራ ተመስኪሩላ ነይሩ። ኣብ'ቲ ጸወታ ብዝርኣየቶ ብሉጽ ጸወታ ብውልቃ፡ "ብልጽቲ ዒጋቲት" ተባሂላ ተሸሊማ።

የሃና፡ ኣብ ርእሲ ናይ ኩዕሶ መርበብ ዝንባሌኣ፡ ምስ ዘለዋ ኣፍልጦ ኩዕሶ እግሪ፡ ከም መስመር ዳኛ ኹይና ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ንኣስታት ኣርባዕተ ዓመታት ተሳቲፋ እያ። ናይ ኩዕሶ መርበብ ገምገም ባሕሪ፡ "Indoor games vollyball level 1. Indoor games vollyball level 2" ስልጠናታት ወሲዳ። ስፖርተኛ የሃና መልኣከ፡ ኣብ'ዚ እዋን ምስ ጋንታ ዓንሰባ ተጠርኒፉ ብዝበለጸ ብቕዓት ኣብ ምጽዋት ትርከብ።

መተሓባበሪ ሓበሬታን ገበናዊን ምኒስትሪ ምክልኻል፡ ብዘይካ'ቲ ሃገራውያን በዓላት ኣብ ምድማቕ፡ ንጥፈታትን ጅግንነታዊ ፍጻመታትን ሓይልታት ምክልኻል ኣብ ምስናድ፡ ስሑብነቢ ምርኢታት ኣብ ምውዳብ፡ ወተሃደራዊ ኩነታት ከባቢናን ዓለምናን ዝሕብሩ እዋናውያን ጽሑፋት ምድላውን ሓበሬታዊ ግደታትን ስርሓትን ምኻያድ፡ ካብ ዘቐወም ኣትሒዙ ኣብ ስፖርታዊን ባህላዊን መዳያት'ውን ብደረጃ ሃገር መደባት ሰሪዑ ኣብ ምንጣፍ ይርከብ።

ብመሰረት ሓበሬታ - ኣብ ገበናዊን ሓበሬታን ምኒስትሪ ምክልኻል ሓላፊ ጨንፈር ስፖርት መጆር ተስፋእዝጊ ሃብታይ (ሆቺሚን)፡ ጋንታታት ውድድራት ደቂ-ኣንስትዮ ንምሕያል ማዕረ - ማዕረ ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ኩሎም ዓይነታት ስፖርት ጠርኒፉን ውድድራተን የካይዱ። ኣብ 2023 ኣብ ዝተኻየዱ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ድማ፡ ብጠቕላላ ኣስታት 650 ደቂ-ኣንስትዮ ክልተ ኣዋርሕ ተጠርኒፈን ተሳቲፈን።

ኩለን ደቂኣንስትዮ ቀዳሞት ኣሰልጠንተን ደቂ-ኣንስትዮ ከም ዝኾና እዩ ተገይሩ። እዚ ድማ ደቂኣንስትዮ ክጻዩ ምጽዋት ኣብ ምስልጣን'ውን ሃብታም ተመኩሮ ንኽሕዛ ዝሕግዘን እዩ። ስለ'ዚ፡ ምኒስትሪ ምክልኻል ኣብ ስፖርት ደቂ-ኣንስትዮ ዝገብሮ ዘሎ ወፍሪ ምስጋና ዝግብኦ'ዩ።

**ተስፋይ ዑቕባይ**

### ሓምላይ

ቋሕ እንተበልካ
እንተተሓተትካ እዋኑ
ቅነ ዘመን ሓምላይ
ኮይኑ'ቲ ዘመኑ
ዘይስቡብ ዘይቅምስል
ምስ ግሉትን ዳቨን
ዘይዋሰብ ዘይመስል
ዝፍንብ ዝወለዶ
ሓምላይ ሳዕሪ
ቀጠልያ ዘልበሶ
ጽኑብ እግሪ
ሸሻይ ደምሃይ
ዓወትን ሰናይን
ይወሕዝ እንሆ
ሓምለ ኑሓሰኦም
ክረምቲ ንሓጋይ
ቢንያምን ኢዮታቱን
እናተተኻኽኡ!!
እዚ ሓምላይ ሕብሪ
ቀራዕ ሓምሊ እቶ
ውድቀትን ስዕረትን
ብጻዕሪ ዝመከቶ
እዚ ርሑስ እግሪ
ንጉስ ናይ ኑሓሰ
ርጋጹ ኣሚኑ
ቀጠልያ ዝወረሰ
ቀደሙ ስረቱ
እዚ ሓምላይ ሕብሪ
ልምዓት ሕላገቱ
ኣብ ጠረር ጥንዴራ
እንደዩስ ምቕማጡ፡
እንተሰምሰመ ሎሚ
ብዓወትን ኣዘመራን
በስሉ'ዩ ሓሊፉ
ብሓዊን ኀመራን
ቀጠልያ እንተወቀበ
ብጻዕሪ ህዝቢን መንግስቲን
ቀጠልያ እንተተወድየ
ሳላ ቢንያም ሸደን
ንሱ'ዩ እቲ ምስጢር
ዝጸንሐን ዘይከደን
ናብራን ራእይን ምስ ኮነ
ቀጠልያ ዝኸደን።

**ኖህ ኀይትኦም**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ናትናኤል፡ ናብ ሞቪስታር ክጽንበር ተቓሪቡ

<u>ኣሚር ዓሊ</u>

ሓንቲ ካብተን ብደረጃ ዎርልድ ቱር ዝጥፉ ጋንታታት ዝኾነት ስጳኛዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ሞቪስታር፡ ኣብ ኣመራፅዊት ክለቡ ለደል ትሬክ እኹል ናይ ውድድር ግዜ ይረክብ ከምዘየለ ንዝገለጸ ኤርትራዊ ናትናኤል ተስፋጽዮን፡ ናብ መሳርዓ ንምጽንባር ተቓሪባ ከምዘላ ረሌቮ ዝተባህለት እስጳኛዊት ማዕከን ዜና ስፖርት ሓቢራ።

ሻምፕዮን ኤርትራ 2024 ዝኾነ ናትናኤል፡ ናብዛ ጋንታ ንምጽንባር ዘኪይዶ ዘሎ ዘተ



ጽቡቕ ኪጎስ የርኢ ምህላዉ እታ ምንጪ ተረዲኡ። ናትናኤል፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ናይ ውድድር ዓመታት ብዝምጋም ኣብ ሓደ ዓመት 450 ናይ ዩሲኣይ ነጥቢ ክእክብ ክኢሉ እዩ። ምስቲ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት፡ ኣብኡት ሞቪስታር ዝሓዘዎ ደረጃ ክዕጽር እንከሎ፡ ሻሙናይ ዝለዓለ ነጥቢ ዘጥሀለል ተቐዳዳማይ ደሰርዩ።

ናትናኤል፡ ናብ ሞቪስታር ምስ ዝሲጋገር፡ ማሊያኣ ክለስብ ዝጠቐዐ ናይ ፈለማ ኣፍሪቃዊ ክኸውን እዩ። ኤርትራ ደማ፡ መበል 28 ሃገር ተቐዳዳማያ ናብዛ እስጳኛዊት ጋንታ ዝሓወሰት ክትከውን እያ። ኣብ ባስኪዩ ካንትሪ ዚጋጠሞ መውድቕቲ ብቐዓቱ ብዘዮጦእ ከየንጸብርቕ ከምዝየንቀጾ ዝገለጸ ናትናኤል፡ ኣብ ምዝዛም ናይዛ ዓመት፡ ምስዛ ጋንታ ዝበሮ ውዕል ስለዝበቅዕ ናጻ ተቐዳዳማይ ክኸውን'ዩ። ሞቪስታር ድማ፡ ዚ ሓደ ካብ ትሰፋዎት ኣፍሪቃውያን መንእሰያት ዝኾነ ተቐዳዳማይ፡ ወጻኢታት ከይገበረት ክተፈርሞ እያ ትሰርሕ ዘላ።

## ውድድራት ግራስ ሩት ዞባ ማእከል ተጀሚሩ

ዓመታዊ ውድድር ትራኽን ተግባራት ሜዳን ግራስ ሩት ዞባ ማእከል፡ ካብ ሰንበት 18 ነሓሰ ጀሚሩ ኣብ ኣስመራ ይካየድ ኣሎ።

እዚ ውድድር፡ ን16 ንኡሳን ዞባታት ማእከል ሓቝፉ፡ ካብ ክሊ ዕድመ 8 ክሳዕ 16 ዓመት ዝርከቡ ኣሰታት 800 ቁልዑን ኮተቴን እዩ ዘሳትፍ ዘሎ።

በዚ መሰረት፡ ኣብቲ ዕለት ናይ 50ን 200ን ሜትሮ ናይ መጻረዪ ውድድር ጉያ ብኽልተኡ ጾታ ተኻዪዱ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ትሕተት ዝላ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ዳኒኤል ኤርምያስ ካብ ጋሻ ነፋሒ፡ መሓመድ መንሱር ካብ ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ናትናኤል ተስፋጽዮን ካብ ጋሻ ነፋሒ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ተርታ ክሕዙ እንከለው፡ ብተመሳሳሊ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ሉልያ ኣማኒኤል ካብ ጋሻ ነፋሒ፡ ክርስቲና ኣማኒኤል ካብ ማይተመናይ፡ ልዋም የርዳኖስ ካብ በሪኽ ዕወታት ኮይነን።

እዚ ትሰፋዎት ኣትሌታት ንምፍራይ ዓሊሙ ዝካየድ ዘሎ ውድድር፡ ከምቶም በዚ ውድድር ግራስ ሩት ሓሊፎም ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ 2024 ዝገራዊት ጋንታ ኤርትራ ክውክሉ ዝበቕዑ ኣትሌታት ንምፍራይ ትጽቢት ብምግባር ክሳብ 25 ነሓሰ ክካየድ ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።



## ጉንዶጋን፡ ጥሮታ ወጺኡ



ካብታ ሓደ ወቕቲ ጥራይ ዝተጻወተላ ባርሴሎና ወጺኡ ናብ ናይ ቀደም ጋንታኡ ማንቸስተር ሲቲ ንኽምለስ ኣብ ምዝርራብ ከምዝሎ ዝነገረሉ ጀርመናዊ ኢልካይ ጉንዶጋን፡ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ጫማኡ ምስቃሉ ኣፍሊጡ።

ጉንዶጋን፡ ንሃገሩ ኣብ 82 ግጥማት ክወክላ እንከሎ፡ 19 ሹቶታት ደማ ኣመዝጊቡላ። ካብ ባርሴሎና ክወጽእ ወግዓዊ ሕቶ ኣቕሪቡ ዝርከብ እዚ ወዲ 33 ዓመት ኣከፋፋሊ፡ ዋላ'ኳ ሀዚ ሞሪኖ ዘሰልጥና ፈነርባቸ፡ ስዑዳውያን ክለባትን ንምፍራሙ ይሰርሓ እንተሃለዋ፡ ናቱ ምርጫ ግን፡ ናይ ቀደም ክለቡ ማንቸስተር ሲቲ ምዃና ይሕብር። ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ ፔፕ ጓርድዮላ፡ ንምምላስ ጉንዶጋን ቀጠልያ መብራህቲ ከምዘዘበን ድሮ ክልተኦም ወገናት ርክብ ጀሚሮም ከምዝለዉ'ውን ይሕብር።

## ሓጸርቲ ዜናታት

* ስዑዳዊት ክለብ ኣል ሂላል፡ ንተኸላኸልቲ ማንቸስተር ሲቲ እንግሊዛዊ ካየል ዎከርን ፖርቱጋላዊ ጃኦ ካንሴሎን ኣብ ራዳራ ኣእትያቶም ኣላ።

* ርያል ሶሴዳድ፡ ንመሸጢ ዋጋ ናይ'ቲ ብኣርሰናል ተደልዩ ዘሎ ስጳኛዊ ሚከል መሪኖ ምጉዳል ከምዝኣበየት ተሓቢሩ።

* ብሬንትፎርድ፡ እንግሊዛዊ ኣጥቃዓያ ኢቫን ቶኒ ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ስዑዳዊት ክለብ ኣል ኣህሊ ንምሻጥ ትሰርሕ ከምዘላ መርበብ ሓበሬታ ዘ ታይምስ ሓቢራ።

* ፉልሃም፡ ንተኸላኻሊ ክሪስታል ፓላስ - ጆኣኪም ኣንደርሰን ከምኡ'ውን ኣከፋፋሊ ማንቸስተር ዩናይትድ ስኮት ማክቶሚናይን ንምዕማጽ፡ ዶማይ ጠለብ ሒዛ ክትምለስ ትቀራረብ ምህላዋ ተቓሊሑ።

* ተኸላኻሊ በርንሊ ብራዚላዊ ቬቲንሆ፡ ናብ ናይ ሃገሩ ጋንታ ቦታፎጎ ንምጽንባር ውልቃዊ ስምምዕ ኣኺዱ።

* ተጻዋታይ ቸልሲን ኣባል ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ትሕቲ 21 ዓመትን ዝኾነ ባሸር ሃምፍሪስ፡ ግዜታዊ ናይ ምዕዳግ ውዕል ብዘለዎ ናይ ልቓሕ ማስርሒ፡ ናብ በርንለይ ክጽንበር ምዃኑ ምንጪታት ሓቢሮም።

* ቸልሲ፡ ካብ ሺዮጥ ሮማኒ ሉካኩ ብውሑዱ 34 ሚልዮን ፓውንድ ከምእትጽበ ኒታ ደልዮቶ ዘላ ናፖሊ ሓቢራታ።

ናፖሊ፡ ኣቐዲማ ዘቕረበቶ ብልቓሕ ወሲዳ ድሒራ ብዮዴታ ብ25.6 ሚልዮን ፓውንድ ከተፈርሞ ዘበድድ ሕቶ፡ ብቸልሲ ምንጻግ ይግለጽ።

* ኤቨርተን፡ ንተጻዋታይ ኣትሌቲኮ - መዲሮ ኣለሶን ሳንታን ንምዕዳግ ተጣይቓሉ ኣላ። እዚ ወዲ 18 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ 51 ሚልዮን ፓውንድ መልቀቒ ዋጋ ከምዝተሰጠፈሉ እውን ይሕብር።

* ኣስቶን ቪላ፡ ርያል ቤትስን ሮማን ንኹነታት ኣከፋፋሊ ቶተንሃም ኣርጀንቲናዊ ጂዮቫኒ ሎ ሴልሰ፡ ብቐረባ ይከታተላኦ ምህላወን መርበብ ሓበሬታ ኤክስፕረስ ኣብ ዓምዳ ኣስፊሩ።

* ጁቬንቱስ፡ ናይ መጻኢ ጋንታ ተጻዋታይ ቸልሲ ራሓም ስተርሊንግ ክትከውን ከም እትኽእል ተገሊጹ። እዚ እንግሊዛዊ፡ ኣብ ቸልሲ መጻኢኡ ንጹር ከምዘየለ እዩ ዝሕብር።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ኣርሰናል፡ ንሓላዊ ልዳት እስጳኛል - ጃኦ ጋርሺያ ንምፍራም ብውልቁ ከምዝዘተሰማምዑ ተሓቢሩ።

እዛ ጋንታ፡ መጻኢ ካልኣይ ሓላዊ ልዳታ ኣሮን ራምስዴል፡ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ብምህላዉ እያ ብኢጋኡ ናብ ምዕዳግ ተቐያሪ ሓላዊ ልዳት ተዋፊራ ዘላ። ኣርሰናል፡ ኣቐዲማ ንራምስዴል ንምውሳድ ካብ ኢያክስ ንዝመጸ ሕቶ ኣይ ጸጋቶ እያ።

ኣብዚ እዋን ግና፡ ዎልቨስ ዝቐረበትላ ንሓደ ዓመት ተለቂሓ ኣብ ዝቐጸለ ዓመት ብቐዋሚ ክተፈርሞ ዝብል ሕቶ፡ ክትሰማምዓሉ ትጽቢት ይግበር። በዚ ከኣ እያ ኣርሰናል፡ መተካእታኡ ንምምጻእ ኣብ ኣትሰርሓሉ ዘላ እዋን፡ ብውልቂ ምስ ጋርሺያ ተሰማሚዓ ምህላዋ ዝሕበር ዘሎ።

ምስ ሃገሩ እስጳኛ ብምዃን ዋንጫ ኦሎምፒክ 2024 ዘልዓለ ጋርሺያ፡ ዝሓለፈ ዓመት ውድድር ጋንታኡ ናብ ላ'ሊጋ ክትምለስ ዕዙዝ ተራ ካብ ዝበርም ሓደ እዩ። ንሱ፡ ኣብ 14 ግጥማት ክሰለፍ እንከሎ፡ ኣብ ሸሞንተ ጸወታታት ልዳቱ ከየድፈረ ዝወጸ ሓደ ካብ ብሉጻት መንእሰያት ሓለውቲ ልዳት እዩ። ምስ እስጳኛል ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ውዕል ተረፍዎ ዘሎ ጋርሺያ፡ ብክሳቡ 25 ሚልዮን ፓውንድ ተተሚኑ ኣሎ።

ካብ ዜናታት ኣርሰናል ከይወጻእና፡ ኖቲንግሃም ፎረስት፡ ንኤዲ ንኪታህ ንምዕዳግ ዘቕረበቶ ናይ 25 ሚልዮን ፓውንድ ጠለብ፡ ብኣርሰናል ከምእተነጸገ ተገሊጹ። ፍርያት ኣካዳሚ ኣርሰናል ዝኾነ ንኪታህ፡ እኹል ናይ ጸወታ ግዜ ንምርካብ ካብ ኣርሰናል ንምውጻእ ተዳልዩ ይርከብ። ኣርሰናል፡ ካብ ሺዮጥ እዚ ኣጥቃዓይ ካብ 30 ክሳብ 35 ሚልዮን ፓውንድ ከተኻዕብት እዩ ደሊታ።

* ብራይተን፡ ንወዲ 22 ዓመት ኣጥቃዓይ ሊድ ዩናይትድ - ጃያርጂኞ ሩተር፡ ብ40 ሚልዮን ኤሮ (36 ሚልዮን ፓውንድ) ኣፈሪማ። ሩተር፡ ንሓመሽተ ዓመታት ክጻወት እዩ ፈሪሙ ዘሎ። እዚ ዝኸበረ ተጻዋታይ ናይዛ ጋንታ ኮይኑ ዘሎ ወዲ 22 ዓመት ፈረንሳዊ፡ ኣብ ጥሪ 2023 ካብ ጀርመናዊት ክለብ ሆፈንሃይም ናብ ሊድስ ተሰጋጊሩ። ኣብ 66 ግጥማት 18 ናይ ሹቶ ቀረብ ክዝብር እንከሎ፡ ሸሞንተ ከኣ ሹቶታት ኣመዝጊቡ።

* ሌስተር ሲቲ፡ ንኣከፋፋሊ ቶተንሃም ኣሊቨር ስኪፕ ብልዕሊ 20 ሚልዮን ፓውንድ ከምዝፈረመቶ ወግዓዊ ገይራ። ፍርያት ኣካዳሚ ቶተንሃም ዝኾነ እዚ ወዲ 23 ዓመት እንግሊዛዊ፡ ብማልያ እታ ጋንታ 77 ግጥማት ኣካዪዱ።

ስኪፕ፡ ኣብዛ ክረምቲ ሓመሻይ ፈራሚ እዛ ድሕሪ ናይ ሓደ ዓመት ብኮሪት ናብ መድረኽ ፕሪመር ሊግ ተመሊሳ ዘላ ጋንታ እዩ። ሌስተር፡ ዝመጸእ ቀዳም ናብ ፋልሃም ተጓዒዛ ኣብ እተካይዶ ጸወታ፡ ስኪፕ ፋልማይ ጸወታኡ ከካይድ ምዃኑ ይሕብር። ሌስተር፡ ሰኑይ ምሸት ኣብ ሜዳኣ - ኣብ ቀዳማይ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታኣ ምስ ቶተንሃም 1-ብ1 ምፍልላያ ይዝከር።

* ንጃኦ ፓልሂንያ ናብ ባየር ሙኒክ ድሕሪ ምሻጣ መስመር ምክፍፋላ ንምሕያል ኣብ ስራሕ እትርከብ ፋልሃም፡ ንፖርቹጋላዊ ኣከፋፋሊ ሳንደር በርግ ካብ በርንለይ ከተፈርሞ ተሰማሚዓ።

ፋልሃም፡ ኣብ ቀዳማይ ክፍሊት 20 ሚልዮን ፓውንድ፡ ድሒራ ድማ ሓሙሽተ ሚልዮን ፓውንድ ክትስዕብ እያ። ኣብ ዕላማ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣትዩ ዝበረ በርግ፡ ዝሓለፈ ዓመት በርንለይ ቅድሚ ናብ ሻምፕዮን ሺፕ ምውራዳ ኣብ 37 ግጥማት ፕሪመር ሊግ ተጻዊቱላ እዩ። በርግ፡ ንኤሚል ስሚዝ ሮው፡ ጆርጅ ኩዌንባን ሩያን ሰሰኞንን ተኸቲሉ ራብዓይ ፈራሚ ፋልሃም ናይዚ ክረምቲ እዩ።

* ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንኡራጓያዊ ኣከፋፋሊ ፒኤስጂ - ማኑዌል ኡጋርተ፡ ነዚ ዓመት ውድድር ብልቓሕ ወሲዳ ዝቐጸል ዓመት ብቐዋሚ ንምፍራሙ ምስ ክለቡ ትዛረ ከምዘላ ተሓቢሩ።

ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ፡ ምስ ኡጋርተ ውልቃዊ ስምምዕ ዝበረት ማን ዩናይትድ፡ ፒኤስጂ ስለዓትሉ ዘላ መሸጢ ዋጋ ላዕሊ ብምዃኑ፡ ነቲ ማስርሕ ብቐልጠፍ ተፈጻሚ ንኸይትገብሮ ዕንቅፋት ኮይኑዋ ኣሎ።

ኡጋርተ፡ ካብ መደብ ኣሰልጣኒ ፒኤስጂ ልዊስ ኤንሪኬ ወጻኢ ብምህላዉ፡ ማን ዩናይትድ 'ኣብ መወዳእታ መዓልታት ማሰኮት ምስጋጋር ዋግኡ ክቕንስ ይኽእል እዩ' ዝብል ሓሳብ ሒዛ እያ፡ ጉዳዩ ብቐረባ ትከታተሎ ዘላ።

## ቸልሲ ከይተፈርመካ ተሓባእ

ኣብዚ ግዜ ከም ደጋፊ ብዙሕ ደሃይ ምስጋጋር ተጻወትቲ ኣብ ትሓተሉ እዋን፡ እቲ ኣቐዲሙ ዝመጽእ ግብረ-መልሲ፡ 'ቸልሲ ንኸስቶ ኣፈሪማ' ዝብል'ዩ።

ማስርሕ ዕድጊ ቸልሲ፡ ካብ ደገፍታ ሓሊፉ ንመላእ ሰድራ-ቤት ኩዕሶ እግሪ ኣርሚሙ ዘሎ ጉዳይ እዩ። ኣብታ ዘላታ ተወሰኸታ ከም ዝበሃል ድማ፡ እዛ ምዕራብ ለንደናዊት ጋንታ፡ ሕጂ'ውን ንኣጥቃዓይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ጃኦ ፈሊክስ ብዘይተገልጸ መጠን ገንዘብ ናብ መሳርዓ ክትጽንብሮ ተሰማሚዓ።

ፈሊክስ ተወሳኺት ናይ ሓንቲ ዓመት ናይ ምንዋሕ ኣማራጺ ዘለዎ ናይ ሸውዓተ ዓመታት ውዕል ክፍርም ከምዝተሰማምዑ ክኢላ ማስርሒ ምስጋጋር ተጻወትቲ ፋብሪዝዮ ሮማኖ ገሊጹ። ፈሊክስ ኣብ ዓመተ ስፖርት 2022/23፡ ብናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ልቓሕ ማልያ ቸልሲ ለቢሱ ተጻዊቱ ምንባሩ ይዝከር።



ኣብ ኩሎም ውድድራት ኣብ ዘካየዶም 20 ግጥማት ድማ፡ ኣርባዕተ ሹቶታት ኣመዝጊቡ ነይሩ።

ኣብቲ እዋን ኣሰልጣኒ ቸልሲ ዝነበረ ማውሪስዮ ፖቸቲኖ፡ ንፈሊክስ ብቐዋሚ ክፈርሞ ድሌት ስለዘይነበሮ ግና፡ ድሕሪ ምዝዛም ናይ'ቲ ወቕቲ ናብ ኣደ ክለቡ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ተመሊሱ። ምውጻእ ፈሊክስ ካብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡ ተሰናኺሉ ንዝጸንሐ ማስርሕ ምስጋጋር ኮናር ጋላገር ዘሰምር እዩ። ኣከፋፋሊ ቸልሲ ጋላገር፡ ብ33 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ኣትሌቲኮ ተሰጋጊሩ እኳ ተባሂሉ እንተነበረ፡ እቲ ማስርሕ ግና፡ እታ እስጳኛዊት ጋንታ ተጻዋታይ ከይሸጠት ከተፈርሞ ስለዘይትኽእል ዝበረት፡ ኣብ መፈጸምታ ክበጽሕ ኣይከኣለን። ፈሊክስ፡ ናብ ቸልሲ ኣብ ዝቐየረሉ ግና፡ ጋላገር ናብ እስጳኛ ከምርሕ ትጽቢት ይግበር። ጋላገር ንሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ዋንዳ ሜትሮፖሊታኖ ክጻወት ምስምማዕ ዝፈረሞ'ዩ።

ፈሊክስ ንቶሲን ኣደራብዮ፡ ኦማሪ ኬሊማን፡ ማርክ ገዩ ደዊስበሪ ሆል፡ ሬናቶ ቬጋ፡ ካሌብ ዊለይ፡ ኣሮን ኣንሰልሚኖ፡ ፊሊፕ ጆርገንሰን፡ ፔድሮ ኔቶን ሰዒቡ ዓስራይ ፈራሚ ቸልሲ ክኸውን እዩ። በዚ ድማ እዩ እዛ ካብ ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት ጀሚራ ዘይዓግብ ሸውሃት ምዕዳግ ተጻወትቲ ተርኢ ዘላ እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ ከይተፈርመካ ተሓባእ ዝበሃለሉ ግዜ ተበጺሑ ዘሎ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ካልኣይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ ዞባ ማእከል ኣብ ካምፖ ቺቸሮ

ሓይሊ ባሕሪ - ጸጸራት

2፡00 ድ.ቀ

ኣኽሪያ - ኣርባዕተ ኣስመራ

4፡00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ሊትዌንያ- ሓዲሽ መዓስከር ሰራዊት ጀርመን ትድኩን

ዝሓለፈ ሰኑይ ሊትዌንያ ኣብ ዶብ ሩስያ ኣብ ዝርከብ ግዝኣታ - ሓዲሽ መዓስከር ክትሃንጽ ከምዝጀመረት ተቓሊሑ።

ኣብዚ መስርሕ ህንጻቱ ተጀሚሩ ከምዝሎ ዝተገልጸ መዓስከር፡ ልዕሊ 4000 ወተሃደራት ጀርመን ኣብ መውዳእታ ናይ 2027 ክሰፍሩ ምዃኖም ተፈሊጡ።

ጀርመን ኣብዛ ኣባል ኔቶን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ዝኾነት ሊትዌንያ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዛ ወተሃደራዊ መዓስከር ንምድኳን ክትሰርሕ ምጽናሓ እዩ ዝሕብር።

እቲ ወተሃደራዊ መዓስከር፡ ልዕሊ 1 ቢልዮን ዩሮ ከምዝተሰልዓሉ ዝጠቐሰ ሳዕለዋይ ኣዛዚ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሊትዌንያ፡ ኣብ ታሪኽ ሃገርም - እቲ ዝዓበየ ባጀት ዝተሰልዓሉ ወተሃደራዊ መዓስከር ከምዝኾነ ገሊጹ።



እቲ ኣብ መንጎ ጀርመንን ሊትዌንያን ተኸቲሙ ዘሎ ወተሃደራዊ ስምምዕ ኩሉ-መዳያዊ ዝምድና ክልቲኤን ሃገራት ንምድንፋዕ እውን ከምዝሕግዝ ሓቢሩ።

ኣባል ሃገራት ኔቶ ዝኾኑት ጀርመን ኣብ ዶብ ሩስያ ኣብ ዝርከብ ግዝኣት ሊትዌንያ መዓስከር ምድኳና - ንሩስያ ብዕቱብ ንምክትታል ዝበረቶ ምዃኑ እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝጠቕሱ።

ሊትዌንያ ንባዕላ ኣብዚ ሕጂ እዋን ባጀት ምክልኻላ ካብ ጃምላ ሃገራዊ ኣቶት ብ3 ሚእታዊት ከምዝወሰኸቶ እዩ ዝሕብር።

## ናይጀርያ - ዝተጨውዩ ተመሃሮ ሕክምና ንምርካብ ጻዕርታት ይካየድ

ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ናይጀርያ 20 ተመሃሮ ሕክምና ብምጭዋዮም፡ ፖሊስ ናይጀርያ ንምርካቦም ሓያል ጻዕሪ የካይድ ከምዘሎ ሓቢሩ።

እቶም ካብ ክልተ ዩኒቨርሲቲታት ዝኾኑ ተመሃሮ፡ ኣብ ክፍሊ ሃገር ቤኑ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ዓመታዊ ኣኼብ ንምስታፍ ኣብ ጉዕዞ እንከለዉ፡ እዮም - ምስ ሓደ ዶክተር ካብታ ተሳፊርምላ ዝነበሩ መኪና ተወሲዶም።



ኑቶም ተመሃሮ ዝጨወዩ ገበነኛታት፡ ንመልቀቒኦም መብድርልቲ ይሓቱ ከምዘለዉ እዩ - መንግስቲ ናይጀርያ ዝሕብር።

ኣብ ናይጀርያ ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት ጉጅለታት፡ መብዛሕትኡ ግዜ - ዝጨወይዎም ሰባት ናጻ ንምልቃቕ ገንዘብ ከምዝሓቱ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ኣብ 2022 መንግስቲ ናይጀርያ ዝተጨወዩ ዜጋታት ንምምላስ መብድርልቲ ከይወሃብ ዝኸልክል ሓዲሽ ሕጊ እኳ እንተኣጽደቐ፡ ስድራቤታት ግን - ንውሑስነት ኣባላተን ክበላ ኑቲ መብድርልቲ ናይ ምኽፋል ጉዳይ ከምዝቕጽላኦ እየን ዝግለጻ።

ናይጀርያ፡ ኒጀር፡ ጫድን ካሜሩንን ኣብ ርእሲ'ቲ በብወገን ኣንጻር ሽበራውያን ዘካይድኦ ስርሒታት፡ ካብ 2015 ኣትሒዘን እውን ኣንጻር ሽበራ ዝቖመ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ወፍርታት ከካይዳ ምጽናሐን ይግለጽ።

እንተኾነ ኣብዘን ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ኣብዘን ሃገራት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ብዕጡቓት ከምዝተጨወዩ ዝተፈላለዩ ወገናት ይገልጹ።

ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ 'ሽበራዊ ምንቅስቓሳት ንምግታእ' ብዝብል ምኽንያት ዝተበገሰ ዘሎ ግዳማዊ ምትእትታዋት እውን ዝኾነ ዝጥቀስ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘየለ እዩ ክግለጽ ጸኒሑ።

ካብ ወርሒ ግንቦት ናይ ዓመት-2023 ክሳብ ጥሪ 2024 ኣብ ዝነበረ እዋን ጥራይ፡ ኣብ ናይጀርያ - ልዕሊ 4777 ሰባት ብዕጡቓት ከምዝተጨወዩ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ሶል - ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣመሪካን ደ/ኮርያን ዝቃወም ሰላማዊ ሰልፊ. . .

ኣብ ከተማ ሶል - ደቡብ ኮርያ፡ ንሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ዝቃወም ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ከምዝተኻየደ ተገሊጹ።




ሰልፈኛታት፡ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ኣብ ሓውሲ-ደሴት ኮርያ ከቢድ ቅልውላው የስዕብ ከምዘሎ ብምምልካት፡ ብቕልጡፍ ደው ክብል ሓቲቶም።

እቶም ሰልፈኛታት ብዘውሃቦ፡ ኣብ ከቢ በትጽሕፈት ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ብምትእኽኻብ፡ መንግስቲ - ኑቲ ኣብ መንጎ ሃገሮምን ኣመሪካን ጃፓንን ከምስረት ዝሀቀን ዘሎ ኪዳን ከቋርጾ ጸዊዖም።

ደቡብኮርያ፡ ኣመሪካን ጃፓንን ብዘምስርታኦ ኪዳን፡ ኣብ ሓውሲ ደሴት ኮርያ ሰላም ክሰፍን ዘይካኣል ውግእ ከምዝዳረግ ዝጠቐሱ እቶም ሰልፈኛታት፡ ሓባራዊ ልምምድ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ደማ ብቐንዱ - እቲ ቅልውላው ብዘተ ንክይዕረፍ ቀንዲ ዕንቅፋት እናኾነ ይመጽእ ከምዘሎ ኣመልኪቶም።

## ፓኪስታን - ብዕልቕልቕ 215 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ፓኪስታን፡ ብርቱዕ ዝናብ ብዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብውሑዱ 215 ሰባት ከምዝሞቱ ሰበመዚ ምክትታል ባህርያዊ ሓደጋታት'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ኣብ ዝሓለፉ 24 ሰዓታት ጥራይ፡ ብውሑዱ 20 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 43 እውን ከምዝቖሰሉ እዮም እቶም ሰበመዚ ዝገለጹ።

ልዕሊ 2575 ኣባይትን 35 ድንድላትን እውን - ብቲ ዕልቕልቕ ከምዝዓነዉ ተፈሊጡ።

ኣብ ፓኪስታን ዝዘርም ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ፡ ዝመጽእ ሰሙን እውን ክቕጽል ከምዝኽእል ዝሓበሩ ክኢላታት፡ ዜጋታት ጥንቃቐታቶም ክሕይሉ ጸዊዖም ኣለዉ።

መንግስቲ ፓኪስታን፡ ግዳያት ንምሕጋዝ ልዕሊ 86 ግዚያውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ደኪኑ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ'ታ ሃገር፡ ድሕሪ 1961 ካብ ዝተመዝገበ መጠን ዝናብ፡ ኣብ ዝሓለፈት ወርሒ ሚያዝያ - እቲ ዝበርትዐ ዝናብ ከምዝወቕዐ ተሓቢሩ ነይሩ።

እቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ዝተመዝገበ መጠን ዝናብ፡ ዕጽፊ ናይቲ ኣቐዲሙ ኣብታ ሃገር ወርሓዊ ከምዝዘንብ ዝጽንሐ መጠን ምዃኑ ዝጠቐሱ ክኢላታት ሜትሮሎጂ፡ እቲ ዝናብ ብዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ከቢድ ንዋታዊን ሰብዊን ጉድኣት ከምዘወረደ ምሕብሮም ይዝከር።



ሓደ ሰሶ ካብ መሬት ፓኪስታን ብማይ ኣዕለቕሊቑ ከምዝርከብ ዝጠቐሱ ክኢላታት፡ ክሊማዊ ለውጢ ብዘኸትሎ ዘሎ ሳዕቤን - ፓኪስታን ካብተን ቀዳሞት ብኣሉታ ዝጽለዋ ዘለዋ ሃገራት ኮይና ከምዘላ ኣመልኪቶም።

ዓለማዊ ዋዒ ኣብ ዘንጸላልወሉ ዘሎ እዋን፡ ብዙሓት ሃገራት ብሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ባርዕ ጫካ፡ ደርቂን ማዕበላዊ ዋዒን ክጥቅዓ ይረኣያ ከምዘለዋ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ዓመታዊ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ይሞቱ ከምዘለዉ - ክኢላታት ኣከቢ ይሕብሩ።

## ኡራጓይ - ልዕሊ 61 ኪ.ግ ዝምዘን ሓሽሽ ተታሒዙ

ካብ ኣርጀንቲና ናብ ኡራጓይ ክኣቱ ዝተሓሰበ - ልዕሊ 61 ኪ.ግ ዝምዘን ዕጹ-ፋርስ/ሓሽሽ፡ ብሰበመዚ ምክትታል ገምገም ባሕሪ ኡራጓይ ከምዝተታሕዘ ተሓቢሩ።

እዚ 'ኮኬይን' ዝዓይነቱ ዕጹ-ፋርስ፡ ሰበመዚ ምክትታል ገምገም ባሕሪ ኡራጓይ - ልሙድ ተፍትሽ ኣብ ዘካይድሉ ዝነበሩ እዋን፡ ኣብ 'ዳሽቦርድ ናይታ መርከብ' ብኣዝዩ ሚስጢራዊ ኣገባብ ተሓቢኡ ከምዝረኸብዎ ሓቢሮም።

መራሒ መርከብ፡ ምስ ኣህጉራውያን ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ ዕጹ-ፋርስ ርክብ ከይህልዎ ከምዝይተርፍ እውን፡ እቶም ሰበመዚ ኣሚቶም ኣለዉ።

በዚ ኹነት ኣብቲ ቦታ ጽዑቕ መርመራታት ክካየድ - መንግስቲ ኡራጓይ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ኣሎ።

ኣብ ኡራጓይ፡ በዚ ብሕጊ ውጉዝ ዝኾነ ዓይነት ሓሽሽ - ኣብ 2015 ብውሑዱ 264 ሰባት ከምዝሞቱ ጸብጻባት ይጠቕሱ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ካተድራል | 21/08/2024 | ጎደና ዶጎሊ 171-65 ከባቢ ኣልፈርማዮ ጥቓ እንዳ ኦርሲ ጋራጅ | 127188 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services